**ትሕዝቶ** **ገፅ**


መልእኽቲ መፅሄት ብስራት ..............................

ውድባዊ መግለፂ .......................................

ኢህወዴግ ካብ ግዕዝይና ተነፂሉ ክነብር

ዘይኽእል ስርዓት'ዩ። ...........................

ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግን መዘዙን...................

ስርዓት ወያነ ፀረ ህዝቢ ተግባሩ ካብ መበቆሉ ...................

ግጥሚ ...................................................

ዜና .......................................................



**ኣድራሻ**

**ቴሌ.** 00291-1-153947

**ፋክስ** 00291-1-153946

**ቁ.ሳ.ፖ.** 11653

**ዌብሳይት** WWW.demhitonline.com and www. tpdmonline.com

**ኢ-መይል** tpdm1993@yahoo.com

## መልእኽቲ መፅሄት ብስራት

ኣብ ውሽጥን ወፃእን ንዝርከብ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ፣ ንጀጋኑ ተጋደልቲ ዴምህት፣ ንኣባላት ውድብና፣ ንደገፍትን ፈተውትን ቃልስና እንኳዕ ንሓድሽ ዓመትን ባዓል ቅዱስ ዮውሃንስን 2006 ዓ/ም ኣብፀሓና ኣብፀሓኩም ትብል።

መፅሄት ብስራት ፖለቲካውን ማሕበራውን ጉዳያት ሃገርና ዝድህስሱ ፅሑፋት ልክዕ ከም'ቶም ዝሓለፉ እዋናት ኣብ ናይ ሎሚ ሕታማ'ውን ኣብ እዋናዊ ፖለቲካውን ማሕበራውን ኩነታት ሃገርና ኣመልኪታ ማለት፥

ኣብዚ ሕዚ እዋን ገኒኑን ንመላእ ህዝቢን ንማሕበረ ሰብ ዓለምን ዘዛራርብ ዘሎ ግዕዝይና /ሙሱና/ ኣብ ውልቀ መላኺ ስርዓት ወያነ ኢህወደግ ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን እናገሓጡ ኣብ ናይ ውልቀ ካዝንኦም ኣብ ወፃኢ ሃገራት ኣብ ዝርከባ ባንክታት የቐምጡ ምህላዎም ኢህወደግ ካብ ግዕዝይና ተነፂሉ ክነብር ዘይኽእል ስርዓት'ዩ። ኣብ ዝብል ኣርእስቲ፡

ከምኡ'ውን ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ ኢህወደግን መዘዙን ኣብ ዝብል ኣርእስቲ እቲ ስርዓት ብሰንኪ ዝኽተሎ ዘሎ ዘንባዕ ፖሊሲ ትምህርቲ፡ ኢትዮጵያዊ መንእሰይ ምስ ከባቢናን ዓለምናን ከዋዳድሮ ዝኽእል ብቑዕ ፍልጠት ከይሕዝ ኣብ 10ይ ክፍሊ ገና ኣብ ፃምእ ትምህርቲ እንከሎ ክውድእ ብምግባር ንዝኸፍአ ፀገም፣ ስደትን ውርደትን ምቅልዑ ዘመላኽት፣ ብተወሳኺ ስርዓት ወያነ ፀረ ህዝቢ ተግባሩ ካብ መበቆሉ፣ ብምኽንያት ሓድሽ ዓመት 2006ን በዓል ቅዱስ የውሃንስን ዝተውሃበ ውድባዊ መግለፂ፣ ግጥምን ዜናን ሒዛ ወፂኣ ኣላ።

ሰናይ ንባብ!

# ብምኽንያት ሓዱሽ ዓመት 2006ን በዓል ቅዱስ የውሃንስን ካብ ደሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴ.ም.ህ.ት) ዝተዋሃበ ውድባዊ መግለፂ

ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጥን ወፃእን፣ ንጀጋኑ ተጋደልቲ ዴምህት፣ ንኣባላት ውድብናን ደገፍቲ ቃልስናን ንተቓወምቲ ውድባት ሃገርናን እንኳዕ ናብ ሓድሽ ዓመት 2006ን በዓል ቅዱስ ዮወሃንስን ኣብፀሓና ኣብፀሓኩም።

ስርዓት ወያነ ኢህወዴግ ይኽተሎ ብዘሎ ዘይሓላፍነታውን ዘይፍትሓውን ኣካይዳ፡ ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ዝሽፍአ ናብ ዝበአሰ ጭቆናን ዓዘቕቲ ሕሰም መነባብሮን ካብ ዝወድቕ እነሆ 22 ዓመታት ኣቑፂሩ ኣሎ።

ኣብ ስልጣን ዝርከብ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ብዘይ ድሌት ህዝቢ ኢትዮጵያ ስልጣን ምስ ጨበጠ ህዝቢ ኣብ ገዛእ ሃገሩ፡ ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰሉ ተኸቢሩ ኣብ ውሽጢ ሃገሩ ተንቀሳቒሱ ሰሪሑ ክነብር ዝኽእለሉ ባይታ ተዓፅዩዎ ኣብ ከቢድ ሽግር ወዲቑ ይርከብ።

ህዝቢ ኢትዮጵያ ካብ ቦታ ናብ ቦታ ተንቀሳቒሱ ከይሰርሕን ኣብ ዝመረፆ ከባቢታት ሃገሩ ከይነብር ምዕጋት ጥራሕ እንተይኮነስ ንዘመናት ፅዒሩ ዘፍረዮ ሃፍተ-ንነቱ'ውን እናተሓደገ ከም ባዕዲ /ካልኣይ ዜጋ/ ተቖፂሩ ካብ ሰሪሑ ዝነብረሉ ዝነበረ ቦታ ክባረር ፀኒሑን ኣሎን።

መራሕቲ ወያነ-ኢህወዴግ ብሽም ህዝቢ ኢትዮጵያ እናሽቀጡ ውልቃዊ ሃፍቲ ምኽዕባትን ቀፃላይ ዕድመ ስልጣኖም ከመይ ይናዋሕ ጥራሕ ብምሕሳብ፡ ህዝቢ ዘይተሳተፈሉ ፅባሕ ፅባሕ ኣብ ዘውፅእዎም ኣዋጃት፡ ህዝቢ ከይንቀሳቐስ ቆሪኖም ንምሓዝን ንምጭፍላቕን ዝተጠቐምሉን ዝጥቀምሉን ዘለው ምኽኖም ካብ ኩሉ ዜጋ ዝተኸወለ መስርሕ ኣይኮነን።

እዚ ዓማፅን ውልቀ-መላኺን ስርዓት ብሰንኪ ዝኽተሎ ዘሎ ዓፋንን ጨፍላቕን ኣካይዳ፡ ዕድመን ፆታን ከይፈለየ ብርክት ዝበሉ ወገናት ጨውዩ ብምውሳድ ኣብ ቤት ማእሰርቲ ዝዳጎኖምን ኣብ ዝወደቕሉ ከይተፈለጡ ሓቛቖም ዝተርፉ ዘለው ዜጋታት ክትሰምዕን ክትርእን እንከለኻ፡ እዚ ስርዓት ክንደየናይ ንህዝብን ሃገርን ዘይሓሊ ፀረ-ህዝቢ ምኽኑ ዘረጋግፀልና ሓቂ'ዩ።

ሃገርና ዜጋታታ ኣብ ክንዲ ተማሂሮም ንቁምነገር በፂሖም ነቲ ዘምሃሮም ህዝቢ ዘገልግሉ ብሰንኪ ብልሹው አሰራርሓን ፖሊሲኡን ብዝተፈላለየ ኣንፈት ብቐፃሊ ናብ ስደት ከምርሑ ኣደዳ ኣደራዕ፣ ስቓይን ሞትን ክ□ኑን ምርኣይ ልሙድ መዛረቢ ማዕኸናት ዜና ዓለም ካብ ዝኸውን ዓመታት ኣቑፂሩ'ሎ።

ስለዝኾነ ድማ እዚ ብኹሉ ኣንፈት ኣንፃር ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ውፅኢት ናይቲ ብልሽው ኣካይድኡ እዩ፡ ምኽንያቱ ኩሉ ጊዜ ወፅዓን ጭቆናን እንተሎ መፍትሒ ወፅዓ ቃልሲ ስለዝኾነ ኣብ ስልጣን ብዘሎ ገዛኢ ስርዓት ሰብኣውን ዴሞክራሲያውን መሰላቱ ዝተሓረሞ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ መሰሉ ንምርግጋፅ ብዝጥዕሞ መንገዲ ተወዲቡ ቃልሱ ኣሕይሉ ዝቕፅለሉ ዘሎ።

ካብ'ቲ በብአንፈቱ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልስን ናይ ተቓውሞ ሰልፍታትን ኣካል ዝኾነ ውድብና ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ (ዴምህት) ሓደ ኮይኑ፡ ካብ ዝምስረት ኣትሒዙ ክሳብ

ሕዚ ንስለ ምርግጋፅ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰላት ህዝቡ ኩሉ ዓይነት መስዋእቲ እናኸፈለ መጺኡን ኣሎን።

## ዝኸበርካ ህዝቢ ኢትዮጵያ!

ኣብ ውሽጢ'ዞም ዝሓለፉ 22 ዓመታት ብሰንኪ ፋሽሽታዊ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ንፅኡ ብዝዋፅሞ መንገዲታት ክትጓዓዝን ተማእዛዚ ጥራሕ ኮይንካ ኣሜን ኢልካ ብዘይምኻድካ ኣብ ልዕሌኻን ኣብ ልዕሊ ሃገርካን ዝፍፀም ዘሎ ግፍዒን ጭቆናን ብሓፈሻ ድማ ብልሽው ስርዓቱን ብምቅዋም ንዴሞክራስያዊ መሰልካን ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ጨቋናይን ፈላላይን ስርዓት ንምንጋፍ ተካይዶ ንዘለኻ ቃልሲ ከም ገበን ተቆጺሩ ኣሸባሪ፣ ፀረ-ሰላምን ልምዓትን ካልኦትን ዝበሉ ኣሽማት እናጠመቐ ኣብ ልዕሌኻን ታሪኽ ይቕረ ዘይብሎ ገበን እናፈፀመ ይርከብ።

እዚ ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ፈላላዩ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ዝመርሖ ዘለው ብመስዋእትን ስንክልናን ደቅኻ ናብ ስልጣን ዝደየቡ ከዳዓት ካብቶም ሕሉፋት ስርዓታት ብዝበኣሰ ብሰንኪ ዝኽተልዎ ዘለው ከፋፊልካ ግዛእ ፖሊሲኦምን ግዑዙይ ምሕደረኦምን መነባብሮኻ ካብ መዓልቲ ናብ መዓልቲ እናቆልቆለ ብምኻዱ ኮስኲስካ ዘዕበኻዮምን ዘምሃርካዮምን ደቕኻ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ዘፍረዮም ሰብኣውነት ዘይብሎም ኣረመናውያን ሸየጥቲ ሰብ ዝኾኑ ደለልቲ ናይ ሕልሚ ሃፍቲ እናሰበኹ ዓሰርተታት ኣሽሓት ብር እናኸፈሉ መላምል ደቕኻ ናብ ዓዲ ዓና ንኽሽዱ ብምግባር ንኣደዳ ስቓይን ሞትን ውርደትን ምቅልያም ከይኣክል ናይ ውሽጢ ኣካላቶም እናወፀ ይሽየጥ ኣሎ።

ስለዚ ድማ እዩ ነቲ ኣብ ውሽጢ 22 ዓመት ኣብ ልዕሌኻን ኣብ ልዕሊ ሃገርካን ብፋሽሽታዊ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ዝወርድ ዘሎ በደልን ግፍዒን ከብቅዕ ኣብ ክንድኡ ህዝቢ ዝኣመነሉ ስርዓት ክትከል፣ ሰብኣውን ዴሞክራሲያዊን መሰላት ዜጋታት ክኽበሩን

ሃገርናን ህዝባን ብዘይ ኣፈላላይ ናብ ጎደና ልምዓትን ብልፅግናን ንኽኣትው ብዝተፈላለየ ኣገባባት ተካይዶ ዘለኻ ቃልስን ትኽፍሎ ዘለኻ ረዚን መስዋእትን ዴ.ም.ህ.ት ካብ ልቢ ይድግፎ፡ ምድጋፍ ጥራሕ እንተይኮነ ንስለ ሃገሩን ህዝቡን ምስ ዓማፅን ውልቀ-መላኽን ስርዓት ወያነ-ኢ.ህወዴግ ፊት ንፊት ብምግጣም ከቢድ መስዋእቲ እናኸፈለ መፂኡን ይኸፍልን ኣሎ።

ዴ.ም.ህ.ት ሕዚ'ውን ኣብ ስልጣን ዘሎ ውልቀ-መላኺ ስርዓት ተኣልዩ ሕቶ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ክሳብ ዝምለስ ቃልሱ ኣሓይሉ ክቕፅለሉ ምዃኑ የረጋግፅ።

<u>ዝኸበርኩም ተቓወምቲ ውድባት ሃገርና ኢትዮጵያ!</u>

እቲ በብኣንፈቱን ብዝተፈላለየ መልክዑን ኣንፃር ውልቀ መላኺ ስርዓት ወያነ-ኢ.ህወዴግ ዝካየድ ዘሎ ቃልሲ ዘይናዓቕ ውፅኢ.ት የምዝግብ ብምህላው ነቲ ስርዓት ሕማም ርእሲ ኮይንዎ ከምዘሎን ዘጠራጥር ኣይኮነን።

እንተኾነ ግን እቲ ዘሎ ምንቅስቓሳት ውሁድ ከም ዘይኮነ ዴ.ም.ህ.ት ደጋጊሙ ዘልዕሎ ዛዕባ እዩ፡ ምኽንያቱ ብተናፀል ዝግበር ዝኾነ ይኹን ህዝባዊ ቃልሲ ውፅኢ.ታዊ ስለ ዘይኮነ እቲ ዝግበር ዘሎ ኩሉ ዓይነት ምንቅስቓሳት ጥሙር ብዘይምዃኑን ሓቢርካ ምስራሕ ብዘይምህላውን ኣድማዒ ውፅኢ.ት ከመፅእ ኣይካኣልን፡ ስለ ዝኾነ ድማ ፀገም መላእ ህዝብናን ሃገርናን ኣብ ዝሓፀረ ግዜ ክፍታሕ እንተኾይኑ ውህድ ምንቅስቃስ ምስ ዝህሉ ጥራሕ ምዃኑ ዴምህት ይኣምን።

በዚ ኣጋጣሚ ድማ ምስ ኩሎም ኣብ ሓድነት ኢትዮጵያን ህዝብን ዝኣምኑ ሓይልታት ሓቢሩ ንምስራሕ ሕዚ'ውን ዴ.ም.ህ.ት ከም ወትሩ ቁሩብ ምዃኑ እናረጋገፀ ደጊሙ ንመላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ኣብ ውሽጥን ወፃእን፣ ንጀጋኑ ተጋደልቲ ዴምህት፣ ንኣባላት ውድብናን ደገፍቲ ቃልስናን ንተቓወምቲ ውድባት

ሃገርናን ••• 2006 መንገዲ ዓወትን ሰላምን ክኸውን ዴ.ም.ህ.ት ሰናይ ትምኒቱ ይገልፅ።

*ዓወት ንውፅዓት!!*

*ዴ.ም.ህ.ት። መስከረም 2006 ዓ/ም*

# ኢ.ህወዴግ ካብ ግዕዝይና ተነፂሉ ክነብር ዘይኽእል ስርዓት'ዩ።

**ግዕዝይና /ሙስና/ እንታይ እዩ፡** ግዕዝይና /corruption/ ካብ ህዝባዊ ኣገልግሎት ወይ ምስ ዜጋታት ጥቕሚ ተኣሳሲሩ ዝፍፀም ገበን እዩ፡ ሓደ ሰብ ዝተመደበሉ ይኹን ዝተዋሃቦ ስራሕ ሓላፍነት ብዘይ ኣገባብ ብምጥቃም ንባዕሉ ወይ ንካልእ ሰብ ወይ ንጉጅለ ዝውዕል ጥቕሚ ምሕታት፣ ናይ ተስፋ ቃል ምቕባልን ምርካብን ኮነ ኢ.ልካ ብሓላፍነትካ ካልእ ሰብ ምጉዳእ፣ መዳልያ ምቕባል፣ ጥረ ገንዘብን ንብረትን ብመልክዕ ጉቦ ምቕባል፣ ዘይግባኣካ ጥቕማ ጥቕሚ ምኽዕባት፣ ብስልጣንካ ምንጋድ፣ ኣብ ስልጣን ብዘይኣገባብ ምግልጋል፣ ህዝባውን መንግስታውን ኣገልግሎት ንውልቃዊ ጥቕሚ ብዝጥዕም ኣፈፃፅማ ምምራሕ፣ ኣብ ልዕሊ መተግበሪ ዕዮ ዝኾነ ንብረትን ሰነድን ዝፍፀም ምውሳድን ምስዋርን፣ ከምኡ'ውን ኣብ ልዕሊ ስራሕ መንግስቲ ኮይኑ ነቲ ዘለዎ ቦታ ስራሕ ተበሊፁ ኣገዲዱ ምጥቃም፣ ብሓላፍነትካ መዊልካ ያታዊ ርውየት ምፍፃምን ምስጢር ዝሰርሓሉ ምብኻን ዝኣምሰሉን ካልኦት ጉዳያትን ወዘተ ዘካተተ እዩ።

ግዕዝይና /ሙስና/ ኣብ ዝነገሰሉ ስርዓት ሕጊ ብዝእዝዞ ዘይኮነ ዝቕየድ ስቕ ኢ.ልካ ተረታዕ፣ ‹‹መሰለይ›› ኣይትበል፣ ኣብቲ ዓውዲ ተኸያዳይ እምበር መኽየዳይ ኣይትኹን ዝብሉ ወግዓዊ ግን ድማ ስውራት ትእዛዛት ፀረ ህላወ ወዲ ሰብ እዮም ዝነግሱ።ኣብ ገለ ሃገራት ብኣዋጅ ድኣ ኣይደገፍ እምበር ግዕዝይና /ሙስና/ እንድሕር ኣብ ሓንቲ ሃገር ገቢሉን ሰሪቱን ኣብ ኣደባባይ ብዘይክኡ ዝሰልጥን

ዝፍፀምን ህዝባውን መንግስታውን ኣገልግሎት ከም ዘየለ ብግልፂ ወይ ብተዘዋዋሪ ዝንገረካ ኣጋጣሚታት ወግዓዊ ኮይኑ ንረኽቦ ኢና።

‹‹ግዕዝይና ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰል እዩ›› ክብሃል እንተሎ ዝደናገር ሰብ ኣይስኣንን። ‹‹ግዕዝይና ንምጥሓስ ሰብኣዊ መሰል በሪ ዝኽፍት'ምበር ንባዕሉ ከመይ ኢሉ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰል ክኾን ይኽእል?›› ክብሃል እውን ይከኣል እዩ፡ ፈለማ ሰብኣዊ መሰልን ግዕዝይናን ብኸመይ ይራኸቡ? "ክልቲኦም ተግባራት ሓደ እዮም" ዋላ እንተዘይተባሃለ ኣብቲ መሰረታዊ ጉዳይ ግና ይራኸቡ እዮም።

ግዕዝይና ኣብ ዝነገሰሉ ሰብኣዊ መሰል ኣይህሉን። ሰብኣዊ መሰል ኣብ ዝነገሰሉ ድማ ግዕዝይና ባይታ ኣይህልዎን ማለት እዩ፡ ብኻልእ ኣበሃህላ ሰብኣዊ መሰል ዘርኢ እንትኽውን ግዕዝይና ድማ ፃህያይ ማለት እዩ፡ ወይ እውን ሰብኣዊ መሰል መድሓኒት እንተኾይኑ ግዕዝይና ድማ መራኸሲ ነቲ መድሓኒት ማለት እዩ።

ግዕዝይና ድፋዕ ድኽነት እዩ፡ ግዕዝይና ህዝብን መንግስትን ብምርሕሓቕ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ረብሓ ውልቀ ሰባት የረጋግፅ ፣ ሃፍቲ ሓንቲ ሃገር ብምኽንያት ግዕዝይና ንውሑዳት ሰበ ስልጣን ሃፋትም ነጋዶን ሰዓብቶምን ጥራሕ ተኽፋፊሉ ስለዝውዳእ፤ እቲ መብዛሕትኡ ህዝቢ ክማለኣሉ ዝግባእ ማሕበራዊ ኣገልግሎት ኣይረክብን፡ በዚ ኣቢሉ ንከርፋሕ ናብራ ድኽነት ይቃላዕ፡ ብመሰረት እዚ ድማ መብዛሕትኡ ኣብ ከርፋሕ ናብራ ድኽነት ዝርከብ ህዝቢ ኣብ መንግስቲ እምነትን ፍቕርን ስኢኑ ክሳተፈሉ ዝግባእ ናይ ልምዓትን ሰናይ ምምሕዳርን ምንቅስቓስ ብማዕዶ ኮይኑ ተዓዛቢ ይኸውን፡ ሓደን ቀንድን ድፋዕ ድኽነት ዘብሎ እውን እዚ እዩ።

ካብዚ ዝነቐለ እዩ እምበኣር ፍትሓዊ ክፍፍል ሃፍቲ ብዘይምህላው ኣብ ሃገራት ዓረብ ከም በዓል ግብፂ፣ የመን፣ ሊቢያን ቱኒዚያን ዝተኻየደ ህዝባዊ ናዕብን ዝተፈጠረ ለውጢ መንግስትን እውን እንተኾነ መበገሲኡ ግዕዝይና እዩ፡ ከምኡ'ውን ካብተን ዝጠቐስናየን ሃገራት ብዘይፍለ ኣብ ሃገርና ኢትዮጵያ ብተኸታትሊ ዝካየድ ዘሎ ህዝባዊ ቃልሲ ምኽንያት መበገሲኡ ውፅኢት ኢ-ዴሞክራስያዊ ስርዓት ዝወለዶ

ፖለቲካዊ ቅልውላው እዩ እንትበሃል ምስ ግዕዝይና ብምትእስሳር እዩ።

ግዕዝይና /ሙስና/ ኣብ ዘለዎ ስርዓት ቁጠባ ሃገር ኣዳኺሙ ፖለቲካዊ ስርዓት የናውፅ፣ ማሕበራዊ ፀገማት ይበዝሑ፣ ዜግነታዊ ስምዒት ይጠፍእ፣ በዚ'ውን ሃገር ናብ ዕንወት ተምርሕ፡ ኣብ ድኽነት ዝርከባ ከም ሃገርና ዝበላ ሃገራት ዘለወን ሃፍቲ ኣዚዩ ውሑድ ስለዝኾነ ብዝግባእ ኣብ መዓልኡ ክውዕል እንተዘይ ተገይሩ። እቲ ዝርካቡ ሃፍቲ ተኻሕኵሑ ኣብ ረብሓ ውልቀ ሰባት እንተዊዒሉን ኣድልዎ እንተተፈፂሙዎን ኣብ ልምዓት ዝውዕል ሃፍቲ ኣብዚ እቶ ዝባሃል ኣይኸውን፡ ይትረፍ ክስግሙ ነቲ ዝፀነሐ ምዕባለ ዝዕቅቦ ስኢኑ ሃገር ከም ሃገር ህዝቢ ከም ህዝቢ ይናወፅ።

<u>ብሓፈሻ ደረጃታት ግዕዝይና ኣብ ሰለስተ ይኽፈል፡-</u>

<u>**ቀዳማይ ደረጃ፥**</u> ታሕተዋይ ዝኾነ ዓይነት ግዕዝይና ከም ሓደ ቀንዲ ተገይሩ እናተወሰደ ንካልእ ሓደገኛ ዝኾነ ዓይነት ግዕዝይና ሽፋን መውሃቢ ዝጥቀምሉ እዩ፡ እዚ ከምዚ ዓይነት ግዕዝይና በቶም መራሕቲ ብተደጋጋሚ ከም መግለፂ ግዕዝይና ዝጥቀስ እዩ፡ ግና ነዚ ዓይነት ደረጃ ግዕዝይና ዝጠቕስዎ ኣብ ሓንቲ ሃገር ምጉዳል ፍትሒ ዘለዎ ሓደጋ ንምልዓል ተሓሲቡ ዘይኮነ ካብዚ ዝሰገረ ኣዚዩ ዝኸፈአ ብጣዕሚ ሓደገኛ ዓይነት ግዕዝይና ንምሽፋን ኣብ ረብሓኻ ንምውዓልን ተባሂሉ እዩ።

<u>**ካልኣይ ማእኸላይ ደረጃ ዓይነት ግዕዝይና፥**</u> ኣብ ውሽጢ ሓንቲ ሃገር ካብ ሕጊ ወፃኢ ብዝኾነ መንገዲ ንግዲ ንምክያድ ዝደልዩ ጉጅለ ወይ መጠነ ሰፊሕ ዝኾነ ሃፍቲ ዘለዎም ውልቀ ሰባት ምስ ኣካላት መንግስቲ ብምምሽጣር ዝፈጥርዎ ብሕጋዊ ሽፋን ዝግዛእ ዓይነት ግዕዝይና እዩ፡ ከምዚ ዓይነት ግዕዝይና ተዋሳእቲ ብርክት ዝበለ ገንዘብ ዘንቀሳቕሱ፣ ኣብ ዝለዓለ ብርኪ ዝርከቡ መራሕቲ፣ መፈፀምቲ ሕጊ፣ ድህንነትን ፖሊስን ዝውክሉ ኮይኖም፡ ኣብ ሓንቲ ሃገር ብዝለዓለ ኩነታት ምጉዳል ፍትሒ ዘኸትሉ እዮም፡ ኣብዚ መስርሕ ግዕዝይና ብርክት ዝበሉ ዝለዓሉ፣ ማእኸሎትን ታሕተዎትን ሰበ-

ስልጣን መንግስቲ ካብ ሕጊ ወፃኢ ንግዕዝይና መንገዲ ከፊቶም ብጉቦ ክፃወቱን ንዕኡ ዘፈፅም ቀዋሚ ዝኾነ ኮሚሽን መስሪቶም ክፍሊት መቐበሊ ሕጊ ኣዋዲዶም ዝተበከለ ኣሰራርሓ ዝሳለጠሉ እዩ።

<u>ሳልሳይ ደረጃ ግዕዝይና፥</u> ብልዑል ኣገባብ ዝፍፀም ብቋንቋ እንግሊዝኛ ግራንድ ኮራፕሽን (ቀንዲ ግዕዝይና) ዝበሃል ዓይነት ኮይኑ። ኣዚዩ ሓደገኛ እዩ፣ እቲ ብኣፃብዕቲ ዝቑፀር ሃገር ዝመርሕ ጉጅለ ወይ ዝለዓሉ ሰበስልጣን ብቐጥታ ብዋንነት ዘመሓድርዎ ብዘውፅእዎ ውሽጣዊ መፈፀሚ ደንቢ ዝምራሕ ኣዚዩ ምስሽጥራዊ ኮይኑ ሰንሰለታዊ ምትእሳሳር ኣለዎ፣ በሊዑ ዘብልፅ ሰብ ተቖራሪኑ ግዕዝይና ብደረጃ ትካል ብኔት-ዎርክ ዝካይድ ሕጋዊ ውሕስነት ዘለዎ መወዳእታ ዘይብሉ ናይ ወራር ዓይነት እዩ።

ኣብዚ ከምዚ ዓይነት ግዕዝይና ተሳተፍቲ ዝኾኑ ዝለዓሉ ሰበስልጣን ዝምንዝዕዎ ሃፍትን ንብረትን ሃገር ንሕድ ሕዶም ኣብቲ ምውራር ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ብዘለዎም ተራ ብምክፍፋል እቲ ሓደ ነቲ ካልእ ጉልባብ ኮይኖም ዝጥቀምሉ ንሓንቲ ሃገር ወሪሩ ቁልቁል ዝኣፉ ዝደፍእ መስርሕ እዩ።

<u>ኢህወዴግን ግዕዝይና ።</u>

ኣብዚ ሕዚ እዋን ንሃገርና ኢትዮጵያ ዝመርሑ ዘለው ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ኢህወዴግ እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ብዘይንእስ ኣብ ዓዘቕቲ ግዕዝይና ክጥሕሉ ዘገዲዶም ምኽንያት ብቡዙሕ መንገዲ ክረአ ይካኣል።

ካብ መንግስቲ ሓገዝ ሕጋዊ ስጉምቲ ምውሳድ ዝሰኣነ ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይና ፌዴራል በብዓመቱ ናይ ኣብያተ ፅሕፈታት ዘቕርቦ ኣፈፃፅማን ኣጠቓቕማን ባጀት ፀብፃብ ብኸነት ብዝኸፈአ ምቕፃሉ እዩ፣ መወዳእትኡ ነቶም ብኸነት ተዓዚቡ ኣብቶም ዓበይቲን መምሃሪን ክኾኑ ዝኽእሉ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኣትኵሩ ክሲ ክምስረተሎም ኣብ ክንዲ ዝገብር ብኣንፃሩ ኣብ ታሕቲ ዝርከቡ ተረፍ መረፍ ዝለሓሱ ከም ሓደ ሓደገኛታት ብግዕዝይና ዝጠልቀዩ እናተጠቐሱ ክሲ ክምስርተሎም ዝረአ መሰረታዊ መፍትሒ ከምፅእ ኣይከኣለን፣ እዙይ

ድማ ግዕዝይና ኣብ ሃገርና ንኸጋደድ መንግስቲ ይሕብሕቦ ከም ዘሎ ዘረድእ ኮይኑ ንረኽቦ።

ኣብ ስልጣን ዝርከብ ገዛኢ ውድብ ኢህወዴግ ዘቐሞ ትካል ኮሚሽን ፀረ ግዕዝይና ሙሉእ ስልጣን ዘይብሉ መሸቀጢ ነቲ መንግስቲ ተባሂሉ ካብ መጀመርትኡ ዝቖመ ብምኳኑ ኣብ ልዕሊ ብግዕዝይና ዝጠልቀዩ ቆራፅ ስጉምቲ ክወስድ ይኹን ላዕለዎት ሓለፍቲ ዘቃልዕ ፀብፃቡ ብግልፂ ንህዝቢ ከቕርብ ዓቕምን ድፍረትን ኣይረኸበን፡ እንተገብረ'ውን ንይምሰል ብሰበ ስልጣን እቲ ስርዓት ዝተዋሃቦ ኣብ ልዕሊ ምስኣቶም ዘይተቓደውን ካብቲ ናቶም ኣራእያ እንተወፅዮምን ጥራሕ ሕነ ንምፍዳይ ክብሉ ንሳቶም ብፁኣት ኮይኖም ዝጥቀምሉ ሜላ ካብ ምኳን ሓሊፉ፣ ኣራምን ዘእምንን ስጉምቲ ክወስድ ኣይካኣለን ምኽንያቱ እቲ ትካል ን•ሸቀጢ እንበር ንሓቂ ደው ዝበለ ስለ ዘይኮነ።

ኣብ ክንድኡ ኣካላት ውድብ ሕቡራት መንግስታት ዝርከበሉ ዓለም ለኸ ትካላት ኣብ ዝሓለፈ 10 ዓመታት ጥራይ ካብ 12 ቢልዮን ዶላር ንላዕሊ ብዘይሕጋዊ መንገዲ ካብ ሃገርና ብሰበ ስልጣን ስርዓት ወያነ ተሰርቑ ኣብ ናይ ወፃኢ ባንክታት ምኽዛኑ ዝገልፅ ብመረዳእታ ዝተሰነየ ፀብፃባት ንህዝቢ ዓለም ግልፂ ብምግባር ኣቃልዮም'ዮም እዙይ ድማ ግዕዝይና ኣብ ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ብዝኸፈአ ይቕፅል ከም ዘሎ ዝጥቀስ ሓደ እዋናዊ መረዳእታ ኮይኑ ኣሎ።

ከምኡ እውን ኣብ ዝሓለፈ 2004 ዓ/ም ዓለም ለኸ ፀረ-ግዕዝይና "ጥምረት ትራንስፓረንሲ ኢንተርናሽናል" ዝተብሃለ ትካል ብክኢላታቱ ኣፃሪዩ ብዘውፅኦ ናይ ሃገራት ዓለም ስርርዕ ሰንጠረዥ መሰረት ካብ ዝተፈተሻ 174 ሃገራት ውሽጢ ሃገርና ኢትዮጵያ ካብ ሚኢቲ 33 ነጥቢ ብምርካብ ኣብ መበል 113 ተሰርዓ ትርከብ።

ኣብዚ ሕዚ እዋን መንግስቲ ኢህወዴግ ኣብ ኣደባባይን ማስሚድያታቱን ሰረቕቲ ኣካላት መንግስቲ ኣብ ቁፅፅር ውዕሎም ዝብሎም ዘሎ ብሓቂ ቆሪፁ ተላዒሉ ኣንፃር ግዕዝይና ንምውጋእን ንምቅላስን ዘብል ድዩ? ኣይኮነን? ኣብዚ ክፍለጥ ዘለዎ ሓደ ሓቂ ኩሉ

ግዜ ስርዓት ወያነ ኢህወዴግ ንዕድመ ስልጣኑ ዘውሕሱ ክልተ ዓበይቲ ዕላማታት ኣለውዎ ነዞም ትሕት ኢልና ንሪኦም ክልተ ቁልፊ ዕላማታቱ ከሳኽዖም ዝኽእል ድማ ግዕዝይና እንትህሉ ጥራይ ምኽኑ ብውሽጣዊ ፖሊሲኡ ኣነፂሩ ዝሰርሓሉ ዘሎ እዩ።

ሀ. ኣብ ትሕቲ እቲ ስርዓት ዝርከቡ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ኣብቲ ስርዓት ተማእዘዝትን ኣፈፀምትን ብሓላፍነት ዝዋሃቦም ተልእኾ ረብሓ ሃገር የረጋግፅ ኣየረጋግፅ ብዘየገድስ ብዘይተቓውሞ እናተቐበሉ ከተግብሩ እንተኾይኖም መጀመሪያ ብመደብ ብግዕዝይና ክልከፍ እዮም ዝገብሩ።

ነቲ ግዕዝይና ዘይተለኽፈ ሓደሽ ናብ ስልጣን ዝመፀ ብኽመይ ብግዕዝይና ክልከፍ ይኽእል ዘተግብሩ ኣብ ጎኖም ክእለት ዘለዎም ሰባት ይምደብሎም፡ በዚ መስርሕ ክበፅሕዎስ ይትረፍ ሓሊመሞም ዘይፈልጡ ብኣቋራጭ ሃፍቲ ምስ ኣጨበጥዎም ቀፃሊ ብዘይ ዝኾነ ሓገዝ ኣብ ምውራር ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ይዋፈሩ። እዚ ዘይሓላፍነታዊ ተግባር እናተፈፀመ ከም ዘሎ ብሰበ-ስልጣን ወያነ ዘይፈልጥ ኣይኮነን፡ እንተኾነ ግን ኣብ መፃወድያ ዝኣተወት ኣንጭዋ ኮይኑ ከገልግሎም እንተኾይኑ በቲ ንሶም ዝብልዎ ተማእዚዙ ንኽሰርሓሎም ዝጥቀምሉ ሜላ ክሳብ ዝኾነ ሪኦም ከም ዘይረኣዩ ግን ድማ መዓዝ እንታይ ፈፂሙ ፅፉፍ ፀብፃብ እናሓዙ ክሳብ ዕድመ ስልጣኑ ኣለኹ እናበለ ተፀጊዑ ክፀንሕ ይገብርዎ።

ለ/ ህዝቢ ብግዕዝይና ሰበ-ስልጣን መንግስቲ ወገሐ ፀብሐ ከማርርን ከንፀርፀርን ስለ ዝስማዕ ነዚ ኣፍ መፅፀዊ እቶም ዕድመ ስልጣኖም ካብ ሕዚ ንደሓር ኣብቂዑ ንመንግስትን ላዕለዎት ሰበ-ስልጣንን ክመስሉ ኣይኽእሉን ዝተበሃሉ ብውሽጣዊ ኣሰራርሓ እቲ ስርዓት ዘመነ ስልጣኖም ኣኺሉ ንኽእለዩ ኣብ ዝተወደኣሎም ነቲ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ብዘ'ኽስብ መልክዕ ኣንፃር ግዕዝይና ንምውጋእ መንግስትና ተላዒሉ ኣሎ ህዝቢ ኣብ ጎኒ መንግስቲ ጠጠው በል እናበሉ ነቶም ከወግድዎም ዝተደለዩ ሰባት በቲ እናረኣይዎም ዝተዋህለለ ግዕዙይ ተግባሮም ፀብፃብ ድሕሪ ክንደይ ዓመት ተቐናቢሩ

ብዝቐርብ ክሲ ግዕዝና ተዋሪዱም ካብ ሓላፍነቶም ንምእላይ ዝጥቀምሉ ዝዓበየ መደቦም ኮይኑ ንረኽቦ።

እዚ ዘይሓላፍነታዊ ኣሰራርሓ ስርዓት ወያነ ኣብ ሰበ-ስልጣን ጥራይ ተሓፂሩ ዝተርፍ ኣይኮነን፡ ኣብ ንግድን ኢንቨስትመንትን ዝተዋፈሩ ሰባት ምስ ላዕለዎት መሪሕነት መንግስቲ ተቖላሊፎም ካብ ዝሕሰብ (ካብቲ ዝግምገም) ወፃኢ ካብ ሓደ ውስን ጫፍ ተበጊሶም ንባዕሎምን ቤተሰቦምን ኣዝማዶምን ኣብ ናይ ገነት ሃፍቲ ኮይኖም ወነንቲ ሚሌነራትን ቢሌነራትን ዝኾኑ በቲ ሓደ ገፅ እንትትርኢ በቲ ካልእ ገፅ ከዓ ድኽነት ዝወለዶ መከራን ስቓይን ዘንገፍገፎም ካብ በዝሒ ህዝቢ ኢትዮጵያ እቶም ልዕሊ 72 ሚኢታዊ ዝኾኑ ዜጋታት ሃገርና ሃፍቶምን ሃገሮምን ብውሕዳት ሰባት እናተመንዘዐ ብሕሰም፣ ድኽነትን ብስራሕ ስእነትን ስቓይ በዝሒዎም ዝፈትውዋ ሃገሮም ገዲፎም ንሂወቶም ውሕስነት ብዘይብሉ ባሕሪን ሰሃራን ኣቋርፆም ንስደት ዓዲ ጓና የምርሑ።

ኣብ'ቲ ዓዲ ስደት'ውን ካብ ኤምባሲ ኢትዮጵያ ኣያነት ስኢኖም ንስቓይን መከራን ተሳጥሑም መዘራረቢ ሚድያታት ዓለም ይኾኑ ኣለው፡ ህዝብና ብሕፅረት ማሕበራዊ ኣገልግሎት ፅሩይ ማይ፣ኤለክትሪክ፣ ፅርጊያ፣ ሕክምናን ትምህርትን ብዘይምርካቡ ዕድምኡ ምሉእ ከማርር ይረአ ኣሎ፡ እዚኦም ብሰንኪ ግዕዝይና ዝተፈጠሩ ፀገማት እዮም፡ ሃፍቲ ሃገር ካብ ኣፍ ህዝቢ እናተመንጠለ ኣብ ኢድ ውልቀ ሰባት እንተዘይበሓት ልዕሊ ጠለብ ህዝቢ'ውን ኣብ ባይታ ምተሰርሐ ነይሩ።

ብቐንዱ ከዓ ኣብ ሃገርና ፍትሒ ዝበሃል ጠቐሊሉ ሓቂቑ ህዝቢ ጉዳያቱ ዘፈፅም ብሓቂ፣ ብርትዕን እምነትን ዘይኮነ፡ ሕጋዊ ኣሰራርሓ ጠፊኡ ኣብያተ ፍትሒ ብግብረለይ ክገብረልካ ተሓሊኽን ብሄር ብሄረሰባት ሃገርና ኣብ ቅድሚ ሕጊ ማዕረ ኣብ ክንዲ ዝረኣዩ እቲ ሓደ ካብቲ ካልእ ትሕት ኢሉ ክረአ ልሙድ ኮይኑ ኣሎ፡ ብሰንኪ ግዕዝይና ህዝብታት ሃፍቲ ሃገሮም ማዕረ ተኻፈልቲ ዘይኮንሉ መሬት ከተማ ብግቦ እንካን ሃባን ጥራይ ኮይኑ ተሪፉ ኣሎ።

ስርዓት ኢህወዴግ ግዕዝይና ይዋጋእ ኣለኹ እንተበለ ውፅኢቱ ብግልባጡ እዩ፡ ኢህወዴግ ናይ ግዕዝይና ምንጩ ባዕሉ ብምዃኑ ከድርኞ ዝኽእል መሰርሕ'ውን ኣብ ኢዱ እኳ እንተኾነ ባህሪኡ ዘፍቅደሉ ኣይኮነን።

ኣብ ስልጣን ዝርከብ መታለሊ ጉጅለ ኢህወዴግ ብሓቂ ኣብ ግዕዝይና ዝጠሓሉ ሰበ ስልጣን ንምሕታት ንሓንቲ እዋን ተበጊሱ ዝፈልጥ እንተዝኸውን ቀዳሞት ክሕተቱ ዝግብኦም ገበቲ ሃፍቲ ህዝብን ሃገርን ተባሂሎም ብዝተፈላለዩ ንዝተበደለ ህዝቢ ብዝግደሱ ናፃ ትካላት ብንፁር ኣስማቶምን ኣብ ዘመነ ስልጣኖም ዝወረርዎ መጠን ጥረ ገንዘብን ኣነፂሮም ከም ዝስዕብ ብቐደም ሰዓብ ኣቐሚጠሞም ኣለው፡ እዚኦም ግዕዝይና ዝጠልቀዩ ሰባት ኣብ ሕጋዊ ቤት ፍርዲ ቀሪቦም ግቡእ ቅፅዓት እንተዝረኽቡ ካልኦት ኣናሽቱ ኮራኹሮምን ሰዓብቶምን ካብኣቶም ክማሃሩ ምኻኣሉ ኔሮም።

1. መለስ ዜናዊ ጠቕላይ ሚኒስተር ነበር -------------3 ቢልዮን ዶላር
2. ወ/ሮ ኣዜብ መስፍን ----------------------------------3 ቢልዮን ዶላር
3. ስብሓት ነጋ ------------------------------------------2.5 ቢልዮን ዶላር
4. ብርሃነ ገብረክርስቶስ-----------------------------------2 ቢልዮን ዶላር
5. ሳሚኤል ታፈሰ----------------------------------------1.5 ቢልዮን ዶላር
6. ስዩም መስፍን------------------------------------------1 ቢልዮን ዶላር
7. ኣባዲ ዞሞ--------------------------------------------500 ሚልዮን ዶላር
8. ግርማ ብሩ--------------------------------------------300 ሚልዮን ዶላር
9. ታደሰ ሃይለ------------------------------------------250 ሚልዮን ዶላር
10. ቴድሮስ ሓጎሰ ሓላፊ ቤ/ፅ ህ.ወ.ሓ.ት-----------200 ሚልዮን ዶላር
11. ኣብዱላሂ ባገርሽ ኣብ ትካል ጉና--------------150 ሚልዮን ዶላር
12. ደብረ ፅዮን ገብረሚካኤል-----------------------100 ሚልዮን ዶላር

13. በረኸት ስምኦን-----------------------------------100 ሚልዮን ዶላር

ነዚ ልክዕ ከቃልዕን ክቕበልን ግና መንግስቲ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ካብ መሰረቱ ዕላማ ይኹን ብቕዓት የብሉን።

ኣብ መንግስቲ ኢህወዴግ ዜጋታት ብብቕዓትን ብነፃ ውድድርን ንሓላፍነት ዝበቕዕሉ ስርዓት ምዝርጋሕ ንጎኒ ገዲፉ። ፖለቲካዊ ተኣመንነቶም ጥራይ ቀንዲ መመዘኒ ንስልጣን ምግባሩ፣ ነፃ ፍትሓውን ስርዓት ዘይምዝርጋሕ ከምቲ ኣብ ልዕሊ ተገሊፁ ዘሎ ፍልፍል ግዕዝይና ኮይኑ ኣሎ።

ነፃ ፕሬስ ሚድያታት ምዕፋን፣ ንትካላት መንግስቲ ነፃነት ምኽልካል በሪ ግዕዝይና ምኽፋት እዩ፥ ምኽንያቱ ብጀካ ናይዞም ትካላት ተሳትፎ ግዕዝይና ምክልኻል ይኹን ምእላይ ኣይሕሰብን።

ካብዚ ብምብጋስ ኢህወዴግ ግዕዝይና ብቖራፅነት ንምውጋእ ባህሪኡ ኣየፍቅደሉን ክባሃል ዝኽእል። ኢህወዴግ ብእምነቱ ብነፃ ዳይነት፣ ብነፃ ሚድያን፣ ብነፃ መንግስታዊ ትካላት፣ ብነፃ ሲቪል ማሕበራት፣ ብነፃ ፍትሓዊ መረፃ ዝተኣማመን ኣይኮነን፥ ኢህወዴግ ዝተኣማመን ምስኡ ኮይኖም ኣብ እዋን መረፃ ኣብ ምጭብርባር ብዝሳተፉ ማእኸሎትን ላዕለዎትን ካድረታት እዩ፥ መረፃ እንትጭብርበር “ዝተኻየደ መረፃ ነፃን ፍትሓውን እዩ” ኢሎም ዝምስክሩ እዮም “ልምዓታዊ ሰብ ሃፍቲ” ዝበሃሉ፥ ነዙይ ዘቀላጥፉን ዘቃልሑን ፕሮፖጋንዳ ናይቲ ስርዓት ዝነዝሑ እዮም “ልምዓትዊ ጋዜጠኛታት” ዝበሃሉ ዘለው።

ሕዚ ስርዓት ወያነ ኣብ ልዕሊ እዚኦም ጨኪኑ ብቖራፀነት ፀረ-ግዕዝይና ምንቅስቓስ ከርኢ ኣይኽእልን። ብፍላይ ኣብ ላዕለዎት ብልጭ እንተበለ ክሳብ መወዳእታ ኣይኸደን፥ ምኽንያቱ ንስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ዘገድስ ኣብ ስልጣን ምንባር ጥራይ ሰለ ዝኾነ፥ ቀፃሊ መረፃ ንምጭብርባር ዘሳልጡ ካበይ ከምፅእ? ብግዕዝይና ዝተጠመቑ ካድረታትን ልምዓታዊ ሰብ ሃፍቲን እዮም ንህልውና ንኢህወዴግ ዘድልዩ።

*ንህዝብታት ሃገርናን ዓለም ለኸ ማሕበረሰብን ንምድንጋር ፖለቲካዊ ቁማር ንምፅዋት ኢሉ ግና ካብ ኣእላፍ ብግዕዝይና ዝተበላሸው ማእኸል ብኣፃብዕቲ ዝቑፀሩ በቲ ስርዓት ዘይድለዩ ግዳያት ብምግባር ንዘይድለ መስዋእቲ ክዳርጎም ምርኣይ ክሕድሰና የብሉን፡ በዚ ሜላ ኢህወዴግ ኣብ ኮረቻ ስልጣን ምፅናሕ ከም ዝኽእል ስለ ዝፍለጥ ብመሰረቱ ፖለቲካ ኢህወዴግን ግዕዝይናን ዘይነፃፀሉ ናይ ሓንቲ ሳንቲም ክልተ ገፅ ኮይኖም ተጣሚሮም ዝነብሩ ተፈጥርኣዊ ኣመፃፃኣ መበቆል ዘለዎም እዮም።*

*ግዕዝይና ኣወንታዊ ኣጀንዳ ኢህወዴግ ኮይኑ ካብ ላዕሊ ክሳብ ታሕቲ ዝተዘርገሐ ሰንሰለታዊ ምትእስሳር ዘለዎ ንዝህብን ሃገርን ብሓለንጊ ፀገም እናገረፈ ኢህወዴግ ክሳብ ዘሎ ምቕፃሉ ኣይተርፍን፡ ሃገርና ክትረኽቦ ዝግብኣ ሸርፊ ወፃኢ ብብልሽውና ብዝበስበሱ ሰበ ስልጣናትን ተሓባበርቶምን ናብ ናይ ወፃኢ ባንክታት ብሽም ደቆም፣ መፃምድቶምን ቤተ ሰቦምን እናጋዓዘ እዩ።*

*ኣብ ህዝባዊ ማሕበራዊ ህይወት ንምምሕያሽ ክውዕል ዝግብኦ ገንዘብ ህዝብን መንግስትን ብውልቀ ሰባት እናተሰረቐ ንናይ ዜጋታት ዝተጎሳቖለ ናብራ የጋድዶ ኣሎ፡ ብግዕዝይና ዝተዋህለለ ሃፍቲ ፍትሒ ንምዝባዕ፣ ንምጥሓስ ሰብኣውን ዴሞክራስያውን መሰል ዜጋታት ይውዕል ኣሎ፡ ኣብ ሃገረና ኣስታት* 12 *ሚልዮን ህዝቢ ቀፃሊ ብሕፅረት ምግቢ ተጠቃዒ ኣሎ ብዝብል ንለገስቲ ሃገራትን ትካላትን ብቐዋሚ ኣመዝጊባ፣ ብሽም ሰፍት-ኔት ኣብ ተመፅዋትነት ኣውዲቖዎ ይርከብ።*

*ፀግዒ እቲ ስርዓት ዘይኮኑ ግን ከኣ ብናይ ባዕሎም ፍልጠትን ዓቕምን ብነፃ ንምምሕያሽ ዝፅዕሩ ነጋዶን ሰብ ሃፍትን ዕድል ስራሕ ንኸይረኽቡ በሪ ተዓፅይዎም፡ ዜጋታት ኣብ ሃገሮም ካብ መንግስቲ ሰናይ ምምሕዳርን ፍትሒን ተሓሪምዎም ተስፋ ኣቑሪፅዎም ይርከብ፡ ግዕዝይና ንፍትሓዊ ሃፍቲ ክፍፍል ኣብ ምዝራግ ጠንቂ ብምዃኑ ነቲ ዘሎ ውስን ምንቅስቓስ ተጠቒሞም ዜጋታት ብማዕረ ማሕበራዊ መነባብርኦም ኣብ ምልዋጥ ንኸይነጥፉ ብሓደገኛ ኣካይዳ እቲ ስርዓት*

ቀዳማይ ደረጃ ካልኣይ ደረጃ ሳልሳይ ደረጃን ወዘተ ብዝብሉ ስርርዓት ዜጋታት ብረብሓ ንኽይራኽቡ ተኸፋፊሎም። እዚ ካብ ፖለቲካዊ ግዕዝይና ስርዓት ወያነ ዝመንጨው ዘራጊቶ ንህላወ ህዝብታት ዝፈታተን ኮይኑ ኣብ ውሽጢ ስድራ ከይተረፈ ከፋፊሉ ንሃገርና ንሓደጋ ምብትታን ኣቃሊዕዋ ኣሎ።

ካብዚ ልዕል ኢልና ክንዝርዝሮ ዝፀናሕና ቅልውላው ንምውፃእ ዝከኣል፡ ኢህወዴግ "ኢህወዴግ ብልሽውና እናተዋገአ እዩ" ብዝብል ናይ ይምሰል ፕሮፖጋንዳ ከይተታለልና ህዝብታት ኢትዮጵያ ስርዓተ ብልሹው ምሕደራን ውፅኢት ኣብ ስልጣን ዘሎ ኢህወዴግ ምዃኑ ብምርዳእ። ኣብ ውሽጢ ኢትዮጵያ ዝሕሸ ስርዓት ንክህነፅ ኣብ ዝግበር ህዝባዊ ቃልሲ ብሙሉእ ልቢ ክቕፅለሉን ክሳተፈሉን ይግባእ።

እንተዘይ ኮይኑ እቲ ሕዚ በዓል ስልጣን ግምሩክን ዕዳጋን ዝምራሕ ክልተ ላዕለዎት ኣመራርሓ ዝርከብዎም 58 ግዕዝይና ተጠርጢሮም ብዝብል ተኸሲሶም መንግስቲ ኣብዚ ሕዚ እዋን ኣብ ቁፅፅር ኣውዒለዮም ይብል ኣሎ፡ እቶም ኣብ ቁፅፅር ውዒሎም ዝበሃሉ ዘለው ክልተ ላዕለዎት ሰበ-ስልጣን ጉምሩክ ኣይተ መላኩ ፋንታ ብሚንስተር መዓርግ በዓል ስልጣን ዋና ዳሪክተርን ምክትሎም ኣይተ ገብረዋህድ ወልደጊዮርግስን ዝርከብዎም ኣብ ቁፅፅር ምውዓል ሓደ ነገር ኮይኑ። እቲ ክሲ ብዘለዎ መጠን ስፍሓት ዝወለዶ ምስ ኣብ ካልኦት ኣብያተ ፅሕፈት ዝርከቡ ላዕለዎት ሰበልጣን ርክብ ኣለዎ ዝብል ርትዓዊ ሓበሬታ ኣብ ዝቐርበሉ ግና መንግስቲ ናብ'ቶም ምትእስሳር ዘለዎም ካልኦት ኣስፌሑ ከፃርን ኣብ ቁፅፅር ከውዕልን ድፍረት ኣይረኸበን፡ እዚ ኣካይዳ ድማ ነቲ ልዕል ኢልና ዘቐመጥናዮ ብልሽው ኣሰራርሓ መሪሕነት ስርዓት ወያነ ዘቃልዕ ኮይኑ ንረኽቦ።

ዝተፈላለዩ ክኢላታት ሕግን ተንተንቲ ፖለቲካን መንግስቲ ኣብ መላእ ሃገር ተዘርጊሑ ዘሎ ግዕዝይና ቀራፅ መርገፂ ሒዙ ዝጀምሮ ዘይኮነ፡ ነቶም ነቲ ስርዓት ዘይደልይዎ ንምሓዝን ብእኦም ኣቢልካ ንምሽቃጥን ዝተጠቀመሉ ምስክር ሕሉፍ ኣካይድኡ እዩ ይብሉ፡ ነቲ ቅድም ክብል ኣብ ልዕሊ እኒ በዓል ስየ ኣብርሃ፣ ታኣምራት ላይኔን

ካልኦትን ምስ ሰበ ስልጣን ኢ.ህወዴግ ዝተፈጠረ ፖለቲካዊ ኣፈላላይን ምግምማዕን ብግዕዝይና ኣቢልካ ድርብ መኸሰብ ምርካብ ዝብል ፈሊጥ ስርዓት ወያነ ኢ.ህወደግ ምስ'ዚ ናይ ሎሚ ብምትሕሓዝ ይትንትንዎ።

ሕዚ እውን ነቲ ዝግበር ዘሎ ብሽም ግዕዝይና ብሃንደበት ምእሳርን ምኽሳስን ብሓቂ እዩ ኢሉ ዝኣምነሉ ናፃ ኣካልስ ይተረፍ ኣብ ውሽጢ ላዕለዎት ሰበ ስልጣን እቲ ስርዓት እውን እንተኾነ ዘእምን ኮይኑ ስለ ዘይተረኸበ ኣብዚ ቀረባ እዋን ላዕለዎት ሰበ ስልጣን ኢ.ህወዴግ ኣብ ዘካይድዎም ኣኼባ ብዛዕባ ብግዕዝይና ዝተኣሰሩ ሰባት ኣብ ዝተለዓለሉ ኣጀንዳ ዘይምርድዳእ ተፈጢሩ ብዘይ ሓደ ሓበራዊ መርገፂ ክብተን ኣኽኢልዎ እዩ።

## ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ-ኢ.ህወዴግን መዘዙን

እቲ ንህዝብታት ሃገርና ጨፍሊቑ ዝመርሕ ዝነበረ ስርዓት ደርግ። ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲ ትምህርቲ ፖለቲካዊ ዕላምኡ ከም ዝወቅዓሉ ብምርዳእ ኣብ ውሽጢ ዓሰርተ ዓመት ቅድም ክብሉ ዝነበሩ ትካላት ትምህርቲ ካብ ዝነበርዎ ብምምሕያሽ፤ ኀስጓስ መሰረተ ትምህርቲ ብምኽያድ ኣብቲ እዋን ብዘመዝገቦ ዓወት ካብ ዩ.ኒ.ስኮ (Reading association literary prize) ዝተበሃለ ሽልማት ኣብ 1972 ዓ.ም ክረክብ በቒዑ ኔይሩ።

ይኹን'ምበር ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ደርግ ካብቲ ሕዚ ዝረአ ዘሎ ጉድለት ፅሬት ትምህርቲ ዝሕሸ ፅሬት ነይርዎ ንምባል እንተዘይ ኮይኑ፤ ዝኽተሎ ዝነበረ ፖሊሲ ትምህርቲ ናይ ባዕሉ ፀገም ከም ዝነበሮ ዝፍለጥ'ዩ።

እዚ ሎሚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ስርዓት ወያነ'ውን ካብ ሽቶታት ልምዓት ሚሊንየም ሓደ ዝኾነ ፅሬት ትምህርቲ ንምርግጋፅ ብሰፍሓት ይንቀሳቐስ ኣለኹ እኳ እንተበለ። ብሰንኪ ዘይቁንፅ ፖሊስ ትምህርትን ውሽጣዊ ትሕዝቶ ኣብያተ ትምህርቲ ምልኡነት ስለ ዘይብሉን እተን ተዘርጊሐን ዘለዋ ኣብያተ ትምህርቲ'ውን ብሰንኪ ፅበት መምሃሪ ክፍሊ ብበዝሒ ተማሃራይ ስለ ዝጨናነቓ ብቕዓት ዝቐሰመ ተማሃራይ ከፍርያ ኣይከኣላን፡ ከም ውፅኢቱ ድማ እቲ ዘውፅኦ ውጥን ተግባራዊ ክኾን ኣካኣለን።

ገለ ክልላት ሃገርና እንትነወዳድር ኣብ መንጎኣን ዘሎ ተማሃራይ ናይ ምቕባል ዓቕሚ ኣፈላላይ ናይ ሰማይን መሬትን ኮይኑ። እዚ ድማ ውፅኢቱ ፍትሓውነት ዝጎደሎ ዝርገሐ ትምህርቲ ምኳኑ'ዩ ዘረጋግፀልና።

<u>ንኣብነት፡</u> ኣዲስ ኣበባ ተማሃሮ ናይ ምቕባል መጠን 83% እንትበፅሕ ዓፋር ኣብ 8% ተወሲኑ ይተርፍ። ምስ'ዚ ጎኒ ጎኒ ኣብ ገጠር፣ኣብ ምርባሕ ከብትን ብንስነት ዝመሓደሩን ከባቢታት ዝርከቡ ዜጋታት ብፍላይ ከኣ ደቂ ኣንስትዮ ኣብ ትምህርቲ ዘለወን ተሳትፎ ምስ ደቂ ተባዕትዮ እንትነፃፀር ዳርጋ የለዋን ክትብል ዘድፍር እዩ፡ እዚ ድማ ምስቲ ስርዓት ዝብሎ ዝጋጮ ኮይኑ ኢና ንረኽቦ።

ካልእ ኣብ መላእ ሃገርና ዝርከባ ክልላትን ዞባታትን ዘገልግሉ ብድግሪ ዝተመረቑ ሰራሕተኛታት ኣብያተ ፅሕፈት ዝ⍰ነ ዓይነት ናይ ስነ-ምምሃር (ፔዳጎጂ) ስልጠና ዘይነበሮም መምህራን ዩኒቨርሲቲ ኮይኖ ምምዳቦም ንፅሬት ትምህርቲ ከውድቕ ሓደ ምኽንያት እዩ።

ሰራሕተኛታት መንግስቲ ውፅኢቶም ካብ 2.75 ንላዕሊ ክኸውን ምሕታቱ ኣብ ትምህርቲ ዝለዓለ ነጥቢ ብምምፃእ ኣብ ዩኒቨርሲቲታት ምስ ዝተረፉ እንትነፃፀሩ ዝደኸሙ ከም ዝኾኑ ንምግማት ኣየፀግምን፡ ብፍላይ ካብዚ ቀረባ ግዜ ናብዚ ኣብ ዩኒቨርሲቲ ዘምህሩ ናይ ቀዳማይ ዲግሪ ምሩቓት ምብዝሖም እቲ ጉዳይ ናይ ፅሬት ትምህርቲ ምጉዳል

ካብ ምኳን ሓሊፉ ናይቲ ስርዓት ኣብ ፖሊሲ ትምህርቲ ዘለዎ ፀገም ኣጉሊሑ ዘርእይ'ዩ።

መንግስቲ ኣብ ፖሊሲ ትምህርቲ ለውጢ ንምምፃእ ፖለቲካዊ ቆራፅነት ከም ዘለዎ ንምምሳል ከይፈተነ ሓሊፉ ኣይፈልጥን፡ ይኹን'ምበር እቲ ፖሊሲ እንትትግበር እቶም ክፍተታት ብግልፂ እዮም ዝረኣዩ፡ ምኽንያቱ መንግስቲ ምስ ዝምልከቶም ኣካላት ከይተማኸረን ሓበራዊ ምርድዳእ ከይገበረን ብመምርሒ መልክዕ ካብ ላዕሊ ዝወርዱ ብምኳኖም ንተማሃሮ፣ ንመምህራን ወለድን ጋሻ ስለ ዝኾኖም ካብ ዝሓለፈ ስርዓት ዝደኸመ እምበር ዝበለፀ ክገብሮ ኣይከኣለን።

## ፖሊሲ ትምህርቲ ወያነ እንትፍተሽ፡

ስርዓት ወያነ ኢ.ህ.ወ.ዴ.ግ. ኣብ 22 ዓመት ዕድመ ስልጣኑ ኣብ ትምህርቲ ዝተኸተሎ መንገድን ውፅኢቱን እንትንርኢ። ሒዝዎ ዝመፀ ፖሊሲ ትምህርቲ ንዝኾነ ብሄር ይኹን ውልቀ ሰብ ዘይውክል፤ ባዕላዊ ዕላምኡ ኣብ ሽትኡ ንምብፃሕ ጥራይ ኣብ 1984 ዓ.ም ብዘይዝኾነ በዓል ሞያ መፅናዕቲ ዝቐረፆ ሓዱሽ ፖሊሲ ትምህርቲ 10 ዓመት ኣብ ዘይመልእ ግዜ ውሽጢ 3 ግዜ መምሃሪ መፅሓፍ ብምቅይያር ትምህርቲ ካብ ግዜ ናብ ግዜ ፅሬቱ ብምንቁልቋል እንሆ ሎሚ ተፀባይን ኣብ ባዕሉ ዘይተኣማመንን ትውልዲ ከፍሪ ክኢሉ'ዩ።

ፖሊሲ ትምህርቲ ሃገርና ይምልከተና'ዩ ዝብሉ መምህራን፣ ተማሃሮን ወለድን ፖሊሲ ትምህርቲ ዘለዎ ፀገም ዘምፅኦ ኣሉታዊ ሰዓቤንን ብመረዳእታ ዝተደገፈ ሓሳብ እንተቐረቡ'ውን ስርዓት ወያነ ካባይ ንላዕሊ መን ኣሎ ካብ ዝብል ኣጉል ኣካይዳ። ነቶም ፈተውቲ ሃገሮም ዝኾኑ ምሁራት ንማእሰርቲ፣ ሞትን ስደትን ፈሪድዎም እዩ።

ስርዓት ወያነ ካብ መጀመሪኡ ዝተኸተሎ ፖሊሲ ትምህርቲ ተግባራዊ ብምግባር፡ ከም ድላዩ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ንኽዕንድር ደገፍ ዝገብርሉ መንግስታት፡ ባዕሎም ዝተኸልዎ ባንኪ ዓለም ካልኦት ነፃ

ኢ.ና በሃልቲ ትካላትን ሎሚ እቲ ፀገም ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ ልዕሊ እቲ ክሸቅጥሉ ዝኽእሉ ዓይኑ ኣፍጢጡ ናብ ባዕሎም እንትመፅእ ናይቲ ፀገም ኣተሓሳሳብነት ብመፅናዕትን ምርምርን ብዝተደገፈ ሰነድ መረዳእታ ምስ ካልኦት ደገፍቶም ኮይኖም ብምርኣይን ብምውድዳርን ፖሊሲ ትምህርቲ ኢትዮጵያ ዓብዪ ፀገም ዘለዎ ምዃኑ ሕዚ ከም ዝተረድኦም ኣምሲሎም ብምሕላን፤ በዚ እንተቐፂሉ እታ ሃገር ኣብ ሓደጋ ከም ዘውድቓ ብምግላፅ ብህፁፅ ናይ ኩሉ ክፍሊታት (ደረጃታት) ስርዓተ ትምህርቲ ክፍተሸን ክልወጥን ከም ዘለዎ ባንኪ ዓለም ኣብዚ ቀረባ እዋን ኣጠንቂቑ'ዩ።

ካብዚ ቀፂሉ'ውን ኣብ ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ኣመልኪቱ ባንኪ ዓለም ምስ ግዱሳት ምሁራት ወገናትን ትካላትን ሓበራዊ መፅናዕቲ ኣካይዱ ኣብ ዘውፅኦ ፀብፃብ ምስ ጭቡጥ ትዕዝብቲ ተታሓሒዙ ክቃላዕ ጌሩ እዩ።

<u>ናብ ዩኒቨርሲቲ ቅድሚ ምእታው ብደረጃ ሃገር ዝረኣዩ ፀገማት ፖሊሲ ትምህርቲ፥-</u>

መንግስቲ ፅሬት ፖሊሲ ትምህርቲ ኣብ ምሕላው ዕቤት ከም ዘመዝገበ ብተደጋጋሚ ዝገልፅ እኳ እንተኾነ፡ ኣብ ምምሃር ብቁዓት ዝኾኑ መምህራን ንምዕባይ ዘውፅኦ ውጡናት ካብ ኣርባዓ ሚኢታዊ (40%) ናብ ሱሳ ሚኢታዊ (60%) ሓፍ ከብሎ ከም ዝሓለነ እንትገልፅ፡ ኣብ መወዳእትኡ ብቁዓት ኮይኖም ዝተረኸቡ መምህራን ግና ሰላሳን ሽዱሽተን ሚኢታዊ (36%) ጥራይ እዮም።

ብፍላይ ኣብ ቀዳማይ ሳይክል ይሕለፍ ዝብል መምርሒ /Automatic promotion/ ብዓቕሙን ፍልጠቱን ዝደኸመ ተማሃራይ ንኽፈሪ ስለ ዘተባብዕ እቲ ዝድለ ብቑዕ ተማሃራይ ንምፍራይ ዓብዩ ዕንቅፋት ኮይኑ እዩ።

ኣብ ሓንቲ ሃገር ፅሬት ዘለዎን ደረጅኡ ዝሓለወን ስርዓት ትምህርትን ትምህርትን ንዕቤት ኩሉ መዳያዊ ምዕባለን ቁልጥፉን

መሰረታዊ ነገር ምኳኑ ዘየካትዕ ሓቂ እዩ! ብኣንፃሩ ድማ ኣብ ሃገርና ከም ዝረአ ዓይነት ደረጅኡ ዘይሓለወ ስርዓተ ትምህርትን ትምህርትን ንውድቀትን ድሕረትን ዝላዓለ ብፅሒት ካብ ምብርካት ሓሊፉ ኣድማሳዊ ኣተሓሳስብኡ ዝፀበበን ሓላፍነት ዘይስምየን ማሕበረ ሰብ ንኽፍጠር ጠንቂ ኮይኑ ይርከብ።

**ካብቶም ጠንቂ ነጥብታት ንምጥቃስ፥**

1. ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ዘሎ በዝሒ ተማሃራይ ብዝምልከት ኣብ 2ይ ደረጃ ቤት ትምህርቲ ኣብ ውሽጢ ሓደ ክፍሊ ብማእኸላይ 64 ተማሃሮ ድኣ ይብሃል እምበር ውሕዳት ኣብ ዘይባሃላ ኣብያተ ትምህርቲ ካብ 100 ንላዕሊ ክማሃሩ ዝተረኸብሉ ጭቡጥ ኩነታት ኣሎ። ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ግን ትምህርቲ ብፅሬትን ብቕዓትን ይህብ ኣለኹ እናበለ ዝተዛበዐ ፀብፃብ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ዓለምለኽ ትካላትን ከደናግርን ይፍትን ኣሎ።

2. መበገሲኡ ኣብ 1984 ዓ/ም ዝተቐረፀ ፖሊሲ ትምህርቲ ስርዓት ወያነ መምህራን፣ ተማሃሮን ወለድን ኣብ ዝኾነ ግዜ ፀገም ፖሊሲ ትምህርቲ እንትልዓሉ ቂም እናሓዘ ዝተፋላለየ ሽም ብምሃብ ገበነኛታት እናምሰለ ንማእሰርትን ስደትን ከምዝገበሮምን ምስ እዚ ብተወሳኺ ዝተፈላለዩ መፅናዕቲ ዝገበሩ ትካላት ከም ዘረጋገፅዎ እቲ ቀንዲ ፀገም ኣብ 10ይ ክፍሊ ምውዳእን እዩ።

3. መፅሓፍቲ ብዝምልከት ወቕቱን ግዚኡን ሓልዩ ዘይምሃብ ኣብ ውፅኢት ተማሃሮ ዘስዕቦ ዘሎ ኣሉታዊ ፍፃመ ብቐፃሊ ይግለፅ እዩ፡ ጠቕሊሎም መፅሓፍቲ ዘይተዓደሎም ዓመተ ትምህርቲ ምዝዛሞም እቶም ዝተዓደሎም ድማ ብጉጅለ ምኳኑ ተማሃሮ ዝተዋሃቦም ገዛዕዮ ከይሰርሑን ኣብ ውሽጢ ክፍሊ ኣትዮም ዝቕፅል ትምህርቲ ኣንቢቦሞ ስለ ዘይፀንሑን ዓቕሚ ተማሃሮ ንኸንቀልቁል ዓርሱ ዝኻኣለ ፀገም እናፈጠረ መፅኡ እዩ።

4. እተን ዝኸፈታ ኣብያተ ትምህርቲ እኹል ቤተ ፈተነን ዘድሊ ቀረብን ዘይምህልው ብቑዓት መማህራን ዘይምምዳብን ተማሃሮ ነቲ ብክልስ ሓሳብ ዝተማሃርዎ ብተግባር ክሰንይዎ ዕድላት ስለ ዘየብሎም ተማሃሮ ኣብ ውፅኢት ሳይነስ ኣሉታዊ ፅልዋ ከምፅኡ እዮም ዝራአዩ።

ብተወሳኺ ነቲ ሞያ ትሑት ግምት ምሃብ፣ መፅበዪ ሞያ መምሃራን ዘይምህላው፣ በቲ ሞያ ብቑዕ ዝኾነ መምህር ዘይምምዳብን ንመምሃራን ብፖለቲካ ኣመለኻኽትኦም ስለ ዝምልመሉ ሕፅረት መምሃራን ስለ ዘጋጥምን መምህራን ካብ ግቡኦም ንላዕሊ ክፍለ ግዜ ስለ ዝሕዙ ብፍላይ ኣብ ገጠራት ግዜ ንምሽፋን እንተዘይኮይኑ ቁምነገር ኣይሕልፍን። እዝን ካልኦት ፀገማትን ተደማሚሮም ፅሬት ትምህርቲ ክጓደል ምኽንያት ኮይኖም እዮም።

5. ፖለቲካዊ ፀቕጢ መንግስቲ ኣብ ትምህርቲ ዝፈጥሮ ኣሉታ፦ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘቐመጦ ናይ ትምህርቲ ግዜ ሰሌዳ ንናይ መንግስቲ ዘገልግል ፖለቲካዊ ትምህርቲ ቀዳምነት ተዋሂብዎ ክፍሊ ግዜ ኣብያተ ትምህርቲ ተሰይሩ ኣብ ኣኼባ እንትውዕሉ ይርአዩ እዮም፡ እዚ ተደጋጋሚ ኣኼባ ንምቁርራፅ ክፍለ ግዜ መምህራን ነቲ ትምህርቲ ብእዋኑ ንኸየካይዱ ስለ ዝገብሮም ኣብ ምምሃር ምስትምሃር ኣሉታዊ ውፅኢት የጋጥም።

ቅድሚ ናብ ዩኒቨርሲቲ ምእታው ኣብ ዝውሃብ ትምህርቲ በዚኦምን ካልኦት ዘይተጠቐሱ ምኽንያታትን ሃገርና ኢትዮጵያ ኣብ ዓለም ዘመን ዝጠልቦ ዘመናዊ ትምህርቲ ኣብ ጥቕሚ ዘየውዓለት ሃገር ክትብሃል ጌርዋ ይርከብ።

<u>ፖሊሲ ትምህርቲ ወያነ-ኢህወዴግ ምስ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ዘለዎ ምትእስሳር፦</u> ኢህወዴግ መንበረ ስልጣን ካብ ዝቆናጠጥ ጀሚሩ ኣብ ቀዳሞት መንግስታት ዝነበሩ መብዝሕትኦም ትካላትን ናይቶም ትካላት ኣሰራሕትን ከምኡ'ውን መዋቕሮም ከም ዘይነበረ ድሕሪ ምግባሩ ሓደሽቲ ፖሊስታትን ኣሰራርሓታትን ብምሕንፃፅ ከም

ብሓዱሽ ካብ ዘዋቐሮም መንግስታዊ ትካላት ሓደ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ምንባሩ ልዕል ኢሉ ንምግላፅ ተፈቲኑ እዩ።

ወያነ ዝኸተሎ ፖሊሲ ትምህርቲ ፅሬት ከም ዝጎደሎ ብቑፅ ዜጋ ከም ዘየፍርን እኳድኣ ቀታሊ ትውልዲ ከም ዝኾነ ብተደጋጋሚ ብዙሕ ዝተብሃለ እኳ እንተኾነ ካብ ቀረባ ግዜ ንድሓር ብፍላይ ካብ 1999 ዓ/ም ናብዚ ኣብ ዘሎ ግዜ ብዛዕባ ዘሎ ናይ ሃገርና ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ንድሕሪት ዝጎትት፡ ዩኒቨርሲቲታት ናይ ምርምር ትካላት ምዃኖም ተረሲዖም፡ ትካላት ፖለቲካ ክሳብ ምዃን ኢድ ኣታውነት ፖለቲካን ዝተሓላለኸ ኣሰራርሓን ነቲ ፀገም ፊት ንፊት በብመዓልቱ ካብ ዝዕዘቡ ምሁራት፤ ውሽጣዊ ኣፍልጦ ዋላ ኣይሃልዎ ውፅኢቱ ግና ብዝስዕብ ዘሎ ሕብረተሰብ ወሲኹን ሓሓሊፉ ዝቕልቀላ ነፃ ጋዜጣታት እኳ ከይተረፈ ብዛዕባ እቲ ፀገም ኣታሓሳሳብነቱ ብቐፃሊ እንትሕብራ እንትነቕፉን ነቲ ፀገም ተቐቢሉ ንምስትኽኻል ዝብገስ ቅኑዕ ልቦናን እዝኒን ዘለዎ ንሃገርን ህዝብን ተቖርቋሪ ስርዓት ኣይኮነን።

ኣብ ስልጣን ዝርከብ መንግስቲ ኢህወደግ ንልምዓት ካባይ ንላዕሊ ካልእ መማረፂ ውድብ የለን፡ እኳ ድኣ ኢትዮጵያ ሪኣቶ ናብ ዘይትፈልጥ ብርኪ ዕቤት ኣብፂሒያ እናበለ ኣሰልቻዊ ፕሮፖጋንዳ እንትነዝሕ ከም መረዳእታ ካብ ዘቕረቦምን ኣመዝጊበዮም ካብ ዝበሎም ልምዓታት ሓደ ካኣ ኣብ ዝተፋላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝሃነፆምን ቀዲሞም ዝተሰርሑን ወሲኹ ብቑፅሪ 33 ዝበፅሑ ዩኒቨርሲቲታት እዩ።

ሓደ ዩኒቨርሲቲ ትካል ንክብሃል ብዙሕ መሰረታዊ ነገራት ኣቕዲምካ ክማለኡ ዝግባእ እኳ እንተኾነ ኢህወደግ ሃኒፀዮም ኢሉ ዝነየተሎም 33 ዝበፅሑ ዩኒቨርሲቲታት እንትንዕዘብ ግን መብዛሕትኦም ብፍላይ ካብ ቀረባ ግዜ ንድሓር ዝተሃነፁ ክልተ ወይ ሰለስተ ብሎክ ህንፃታት ዘለዎም ካብ 300 ክሳብ 400 ዝበፅሑ ተማሃሮ ዘምህሩ እንትኾኑ ኣይኮነን ዩኒቨርሲቲ ክትብሎም ላዕለዋይ ካልኣይ

ብርኪ እዮም ኢልካ ኣፍካ መሊእኻ ንኽትዛረበሎም እኳ ዘየድፍሩ ትካላት እዬም።

እዞም ዝስርሑ ዘለው ትካላት ትምህርቲ ኣብ መፅናዕቲ ተመስሪቶም ኣድለይቲ እዮም ተባሂሎም ወይ ድማ ሃገርና በዝሒ ዘለዎ ዝተማሃረ ሓይሊ ሰብ ስለ ዘድልያ ዘይኮነስ። ኣብ ስልጣን ዝርከብ መንግስቲ ነዞም ትካላት ኣብ ዝህነፅሉ ከባቢ ካብ ዝርከብ ሕብረተሰብ ርካሽ ተፈታውነትን ፖለቲካዊ ከሰቢ ንምርካብ ከምኡ'ውን ውሽጡ ጥርሑ ህንፃ ጠጠው ብምባል ልምዓታዊ መንግስቲ እየ እናበለ ህዝቢ ንምትላል ኣርዑት መግዛእቱ ምስ ፀዓነ ክሳብ መወዳታ ናይ ምቕፃልን ኣብ ስልጣን ንምፅናሕ ዕላማ ዝገበረ ከም ዝኾነ ክንርዳእ ንኽእል።

ኣብ ላዕለዎት ትካላት ትምህርቲ ሃገርና ዘሎ ኣወሃህባ ትምህርቲ ንከይዲ ትምህርቲ ብዝለዓለ ደረጃ እናጎድአ ዝመፀን ኣብ ኣተሓሳሳቢ ብርኪ ካብ ዘብፀሐ ምኽንያት ሓደን ቀንድን ፀገም ናብ ዩኒቨርሲቲ ዝምደቡ ሓደሽቲ ተምሃሮ መሰረታዊ ፍልጠት ዘይብሎም ተምሃሮ ብዙሓት ምዃኖም እዩ።

እዚ ኩነታት መብዛሕቲኦም ጎሊሑ ዝረአ ድማ ኣብ ገጠር ተማሂሮም ኣብ ዝመፁ ተምሃሮ እንትኾን ካብ ከተማ ብፍላይ ካብ ኣዲስ ኣበባ ዝመፁን ስድረኦም ዳሓን እቶት ዘለዎም ተምሃሮ ደረጅኦም ኣብ ዝሓለው ናይ ውልቀ ቤት ትምህርቲ ስለ ዝመሃሩ ወለዶም ብቀረባ ክትትል ስለ ዝገብርሎም፣ ብናይ ውልቀ ክኢላታት ተኾስኪሶም ደሓን ዝኾነ ዓቕሚ ሒዞም ናብ ዩኒቨርሲቲ ስለ ዝኣትው ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሱ ፀገማት ጎሊሖም ኣይረኣዩን።

ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብ መንግስታዊ ኣብያተ ትምህርቲ ዝወሃብ ትምህርቲ ኣዝዩ ድኹም ብምዃኑ እቲ ናይ ምምሃር ምስትምሃር ተምሃራይ ኣድላይ ፍልጠት ከይሓዘ ንፀብፃብ ብዝጥዕም መልክዑ ዓመት መፀ ክፍሊ እናቑፀሩ ናብ ዩኒቨርሲቲ ክኣትው ስለ ዝገብርዎም እዩ፣ እዚ ድማ ካብ ተራ መምህር ጀሚሩ ክሳብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዘለው ኣካላት ዘጨንቖም ብፍልጠትን ስነ ምግባርን ዝተሃነፀ

ዜጋ ዘይምፍራዩ እንተይኮነስ “ኣብ ዘጥሓንኪ ኣጥሕንየ እቲ ሕሩጭ ኣምፅእየ” ዝዓይነቱ ኣካይዳ ብተዋረድ ዘለው ላዕለዎት ሓለፍቶም ዘመስግኖም ትርጉም ዘይብሉ ሪፖርትን ቁፅርን ምቕራብ እንትኾን፡ ሓደ ሓደ ተምሃሮ መስከረም ድሕሪ ምምዝጋቦም ዓመት ሙሉእ ናይ ትምህርቲ ክፍሊ ግዜ ከይተኸታተሉ ናብ ዝቕፅል ምሕላፎም ብተግባር ዝረአ ዘሎ ርኡይ ድኽመት ፖሊሲ ትምህርቲ ኣብ ስልጣን ናይ ዘሎ ስርዓት እዩ።

እዚ ድማ ኣብ ከይዲ ኣወሃህባ ትምህርቲ ርኡይ ፀገም ክፈጥር ካብ ምግባሩ ብዝሰገረ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ በብብርኩ ክሳብ መምህር ብዝወርድ ትእዛዝ ምኽንያት፡ ኣካላት ኣመራርሓ ዩኒቨርሲቲ ተምሃራይ ፍልጠት ረኸበ ኣይረኸበ ከይተጨነቑ ትእዛዝ ላዕለዋይ ኣካል ንምፍፃምን ሓለፋታት ንምርካብን ንመምህራን እናገደዱ ውፅኢት ብምሃብ ተምሃሮ ብዘይ ሓደ ፍልጠትን ስነ ምግባርን እናተደፍኡ 1ይ ዓመት 2ይ ዓመት እናበሉ ንኽሓልፉ መወዳእታኡ ክምረቑ ምግባር ትኽክለኛ ኣሰራርሓ ብዝመስል መልክዑ ዝተለምደ ተግባር እናኾነ መፂኡን ይስርሓሉ ኣሎን።

ኣብዚ ጉዳይ ኣመልኪቱ ኣብ ዩኒቨርሲትታት ዝተገብረ መፅናዕቲ መምህራን ዱኹማት ንዝኾኑ ተምሃሮ Dን Fን ደረጃኦም ብምሃቦም፡ ብኣመራርሓ እቲ ዩኒቨርሲቲ ተገዲዶም ነዞም ድኹማት ተምሃሮ ውፅኢቶም ”C “ ልዕሊኡን ንኽገብርዎ ነዚ ኣይገብርን ዝበለ ካብቲ ዩኒቨርሲቲ ከም ዝባረር መጠንቀቕታ ከም ዝተውሃቦምን ሂወቶም ብሰላም ንምምራሕ ክብሉ ነቲ ዝተብሃሎም ከተግብሩ ከም ዝግደዱን የረጋግፅ።

ከምዚ ዓይነት ተግባር ንምንታይ ከም ዝፍፀም ዘሎ ኣመራርሓ ኣካላት ዩኒቨርሲቲ ዘቕርብዎ ሓሳብ፡ ሓደ ተምሃራይ ብውፅኢቱ ካብ ዩኒቨርሲቲ ዝባረር እንተኾይኑ መንግስቲ ነዚ ተምሃራይ ካብ ቀዳማይ ክፍሊ ጀሚሩ ከውፃኣሉ ዝፀንሐ ውፅኢት ከይረኸበ ስለ ዝኸስር፤ ካብ ሚኒስትሪ ትምህርቲ ዝወረደ መምርሒ ብዝተኸኣለ ዓቕሚ ናብ

ዩኒቨርሲቲ ዝኣተወ ተምሃራይ ከም ዘለዎ ከይተጓደለ ምምራቕ እንተዘይኮይኑ ድማ ጠቕላላ ካብ ዝኣትው ተምሃሮ ክሳብ ክልተ ሚኢታዊ (2%) ዝኾኑ ዱኹማት ተምሃሮ ጥራይ ክወድቁ ከም ዝፍቀድ እዩም ዘረድኡ። እዚ ማለት ኣብ ሓደ ዓመት ውሽጢ ናብ ሓደ ዩኒቨርሲቲ ዝኣትው 4000 እንተኾይኖም ካብዚኦም ውሽጢ 3920 ዝኾኑ ዋላ ድኹማት እንተኾኑ እናታሓገዙ ዘይናቶም ነጥቢ እናተዓደሎም ክምረቑ ግድን ይኸውን ኣሎ።

እዚ ኩሉ ዝኸውን ዘሎ ኮነ ተባሂሉ ብቁፅ ዝኾነ ንኣካይዳ መንግስቲ ዝሓትት ከምኡ'ውን መሰሉ ፈሊጡ ዘኽብር ባፅላዊ ክብሪ ዘለዎ ዜጋ ንኸይፍጠር ንምግባር፡ ብደረጃ መንግስቲ ኮነ ተባሂሉን ኣብ ግምት ኣትዩ ዝሰራሕ ብምዃኑ። ምስዚ ብተወሳኺ ቁፅሪ ተምሃሮ ብምብዛሕ እቲ ዝድለ ፀብፃብ ብምርካብ ካብ ናይ ደገ መንግስታት ረዲኤት ንምልማን ንኽጥቀምን ኣብ ናይ ትምህርቲ ፖሊሲኦም ውፅኢት ከም ዘመዝገቡ ንምርኣይ ዕላማ ዘለዎ ርሑቕ ዘየኽይድ ናይ'ቲ ስርዓት ሕሱር ድሌት እዩ።

ምስዚ ብዝተኣሳሰረ እዞም ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣትዮም ዝመሃሩ ተምሃሮ እቲ ዝበዝሕ ግዚኦም ዓቕምን ክእለትን ንምድላብ ኣብ ትምህርቲ ክንዲ ዘሕልፍዎ። መብዛሕትኦም ገና ተማሂሮም ድሕሪ ምውድኦም ቀልጢፎም ስራሕ ንኽረኽቡ ኣቐዲሞም ኣባል ገዛኢ ውድብ ኢህወዴግ ብምዃን ኣብ ኣኼባን ኣብ ዝተፈላለዩ ናይቲ ውድብ ንጥፈታት ተፀሚዶም ግዜ ትምህርቶም ብክንቱ ከጥፍኡ ምርኣይ ዝተለመደ እዩ።

ከምዚ ዓይነት ኣካይዳ ፍልጠትን ዓቕምን ከይጨበጡ ብድጋፍ ክምረቑ ዝገብሮም ዘሎ ተምሃሮ። ኣብ ዩኒቨርሲቲ ኣብ ዝነበሮም ፃንሖት ብዘርኣይዎ ፖለቲካውን ውድባውን ተሳትፎ እናተገምገሙ፡ ኣብ ትካላት መንግስቲ ይቖፅሮምን ንመሳርሒ ፖለቲካ ይጥቀመሎምን ኣሎ።

እቶም ብፖለቲካዊ ገምጋም እቲ ስርዓት ዝተሓተ ውፅኢት ዝረኸቡ ድማ፡ መንግስቲ ከም ሓደ ዕውት ስራሕ ጌሩ ዝጉስጉሰሉ ምንፃፍ እምኒ (ኮብል ስቶን)፣ ደርሁ ምፍራይ፣ እንጀራ ምስንካት፣ ደቀቕትን ኣናእሽተይን ኣብ ዝበሃላ ማሕበራት ተጠርኒፎም ክሰርሑ ይገብር ኣሎ፡ ነዞም ብማሕበራት ዝወደቦም ምሁራት መናእሰይ እቲ ስርዓት ብዝመልመሎም ሰብ ዝምርሑ ኮይኖም፡ ንክልተ ነገር እዩ ዝጥቀመሎም እቲ ሓደ ኣበይ ውዒሎም ናበይ ኣቢሎም ማዕልታዊ ምንቅስቓሶም ብደቂቕ ንምክትታል።

በቲ ካልእ ወገን ከኣ ኣብ ኢዶም ዘየለ ሃፍቲ እናፀብፀበ ኣብነታውያን ካብ ዩኒቨርሲቲ ተመሪቖም ኣብ ውልቃዊ ስራሕቲ ተዋፊሮም ወነንቲ ሚልዮናት ኮይኖም እናበለ፤ መዳልያታትን ዋንጫን ብምሸላም ልምዓታዊ መንግስቲ ንኽበሃል ንፖለቲካዊ ሃልኪ እናተጠቐመሎም ይርከብ፡ እቶም ፖለቲካዊ ተሳትፎ ይኹን ናይቲ ውድብ ኣባልነት ዘይነበሮም ዳሓን ዝኾነ ዓቕሚ ዘለዎም ተመረቕቲ ድማ ንስራሕ ስእነት ተቓሊያም ኣደዳ ስደትን ሳዕቤናቱን ይኾኑ ኣለው።

## ስርዓት ወያነ ፀረ ህዝቢ ተግባሩ ካብ መበቆሉ

ውልቀ መላኺ ስርዓት ደርግ ናዕቢ ህዝቢ ተበሊፁ ስልጣን ካብ ዝሓዘሉ እዋን ጀሚሩ ኣብ ልዕሊ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ዘስካሕክሕ ገበን ብምፍፃም ነቲ ኣብ እዋን ስርዓት ሃይለስላሴ ዘልዕሎም ዝነበረ መሰረታውያን ሕቶታት ስልጣኑ ክሳብ ዘደላድል ህዝቢ'ውን ነቶም ሕቶታት ከምዝምልሶም ዘይተኣደነ መብፅዓታት ይኣቱ ነይሩ።

ይኹን'ምበር ስልጣን ምስ ሓዘ ካብ ስርዓት ሃይለስላሴ ብዝኸፍአ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ህዝብና ዝተፈላለዩ ኣሽማት ብምልጣፍ ኣብ ቅድሚ ስድራቤቶምን ብስውርን ዘፅነቶም ዜጋታት ናይ ትማሊ ተዘክሮ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እዩ።

በዚ ምኽንያት መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ በቲ ኣብ ልዕሊኡ ዝፍፀም ዝነበረ ኣረሜናዊ ተግባር ከይተንበርከኸ እኳ ድኣስ ብምሕራን ኣንፃር ስርዓት ደርግ መሪር ብረታዊ ቃልሲ ኣካይዱ እዩ።ኣብዚ ዝተኻየደ ናይ 17 ዓመታት መሪር ብረታዊ ቃልሲ ድማ ከቢድን ኩሉመደያዊ መስዋእትን ከፊሉ ኣብ ዓወት ኣብፅሒዎ እዩ።

ድሕሪ እዚ ዝነበረ ኩነታት ህዝቢ ኢትዮጵያ ነቲ ብስርዓት ደርግ ኣብ ልዕሊኡ ዝካየድ ዝነበረ ፋሽሽታዊ ተግባር ብመስዋእተይ ኣልየዮ ኣለኹ ካብ ሕጂ ንደሓር ንዓመታት ዝተቓለስኩሎም ኩሎም ሕቶታተይ ክምለሱ እዮም ኣብ ዝበለሉ እዋን ስርዓት ወያነ'ውን ብግድኡ ካብ መጀመርያ ናይ ስግግር መንግስቲ ኢሉ ዝኣወጀሉ እዋን ጀሚሩ ነቲ ቆርበት በጊዕ ተኸዲኑ እናተጓዓዘሉ ዝመፀ ተኹላዊ ባህሪያቱ ብምንፃር ኣብቲ ንመሸቀጢ ኢሉ ዘካየዶ ናይ ስግግር መንግስቲ እዋን ኣትሒዙ ብርክት ናይ ዝበሉ ዜጋታትና ሂወት ኣጥፊኡ'ዩ።

ናይዚ ምኽንያት ድማ በቲ ኣነ ዝበልክዎ እንተዘይከይድኩም ብዝብል ዓፋኒ ባህሪያቱ ዝተበገሰ ኣብ ክንዲ ምስ ካልኦት ውድባት ዘለካ ኣፈላላይካ ኣፅቢብካ ናይ ህዝቢ ረብሓ ምሕላው ረብሓ ውልቅኻ ብሓይሊ ክተረጋግፅ ምድላይ ካብ ዝብገስ ዘይቅኑዕ ኣካይዳኡ ዝወለዶ ንዓመታት ዝተኻየደ ቃልሲ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዘይ ፍረ ክተርፍ ገርዎ እዩ።

እዚ ዘይቁኑዕ ኣካይድኡ ዝወለዶ ድማ ካብ በረኻ ኣትሒዞም ምስቲ ውድብ እናተሓጋገዙ ክሳብ ኣዲስ-ኣበባ ብሓንሳብ ዝኣተው ውድባትን ኣብ ውሽጢ ህወሓት ኮይኖም ንስለ ፍትሕን ዴሞክራሲያዊን ክቃለሱ ዝፀንሑ ተጋደልትን እቲ ዝተቃለስሉ ሕቶ ስለ ዘይተመለሰን ንመረጋገፂ ረብሓ ህዝቢ ዝተቃለሰሉ ዓላማ መረጋገፂ ረብሓ ውሑዳት

ስለዝኾነ ገና እቲ ስርዓት ስልጣኑ ኣደላዲሉ ከይሓዘ ኣንፃሩ ዝቀንዐ ብዝተፍላለዩ መንገዲ ተቓውሞ ክለዓል ግድን ኮይኑ እዩ።

ኣብዚ ተቓውሞ ዝተልዓለሉ መጀመርያ እዋን ድማ ኣብ ክንዲ ብሰለማዊ መንገዲ ምፍታሕ በቲ ካብ ሜዳ ኣትሒዙ ዝጥቀመሉ ዝነበረ ኣካይዳኡ ብምድጋም ብሓይሊ ንምፍታሕ ኣብ ዘካየዶ ተግባር ብርክት ዝበለ ዜጋ ኣጥፊኡ እዩ።ኣብዚ እዋን ህዝባዊ ደገፍ ዝነበሮምን ብሰንኪ እቲ ኣብ እዋን ናይ ስግግር መንግስቲ ዝተኻየደ ዘይሕጋዊ ተግባር ተቓዊሞም ስለዝወፁን በዚ ድማ ኣብ ህዝቢ ተቐባልነት ስለ ዝነበሮምን ነዚ ዝነበሮም ህዝባዊ ደገፍ ንምስኣን ድማ ተንኮል ምሂዙ።

እዚ ተንኮል እዚ ድማ ካብ ሓደ ምእንተ ህዝቢ ተቃሊሰ እየ ዝብልስ ይትረፍ ሓደ ባዕዳዊ ወራሪ'ውን ኣብ ልዕሊ ሰብኣዊ ፍጡር ክፍፀም ዘይኽእል ፍሽሽታዊ ተግባር ፈፂሙ እዩ፡ እዚ ተግባር እዚ ድማ ንተቓወምቲ ባይታ ንምስኣን ተባሂሉ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ብጅምላ ብምቕታል፣ ኣብ ገዛውቲ ኣኪብካ ብሓዊ ክቃፀሉ ብምግባር፣ ጡብ ኣዴታት ብምቁራፅን ጥኑሳት ብምሕራድን ኣረሜናዊ ተግባር ብምፍፃም እዚ ተግባር እዚ ድማ ተቃወምቲ ከም ዝፈፀምዎ ብምምሳልን በቲ ባዕሉ ዝበሓቶ ሃፍቲ ህዝቢ ዝኾነ ሚድያ ብምቅላሕን ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ንምድንጋር ዘይተሓለለ ጎስጓስ ኣካይዱ'ዩ።

ኣብ'ቲ ሽዑ እዋን ዘካይዶ መዳናገሪ ጎስጓስ ድማ ዋላ ብዙሕ ኣይኹን ዝተዳናገረ ወገን ኣይነበረን ክበሃል ኣይካኣልን፡ ምኽንያቱ ኣብ'ቲ እዋን ተንኮላት እቲ ስርዓት ዝፈልጥ ህዝቢ ውሑድ ስለ ዝነበረ እዚ ከምዚ ዓይነት ተንኮልን ጭካነን ሓዱሽ ክኾኖ ዘይኽእል ኣብቲ እዋን ህዝቢ ትግራይ ጥራሕ እዩ ነይሩ እንተተብሃለ ምግናን ክኸውን ኣይኽእልን።። ምኽንያቱ መበቆል ስርዓት ወያነ ኣብ

ትግራይን ካብ ኣብራኽ ህዝቢ ትግራይ ስለዝወፀን ካብ መፈለምታኡ ኣትሒዙ ድማ ተግባራት እዚ ውድብ ብደቒቕ ስለ ዝፈለጦን ናይ'ቲ ተንኮል ግዳይ እንዳኾነ ስለ ዝመፀን'ዩ።

ምልስ ኢልና ንድሕሪት ምስ እንሪኢ ድማ ህወሓት ካብ መጀመርያ ምውላዱ ኣትሒዙ ነቲ ናሃተይ ኣካይዳ ኣይቕበልዎን ዝኾኑ ኢሉ ደስ ዘይበልዎ ዓበይቲ ዓድን ተሰማዕነት ዝነበሮምን ሰባት ዝተፈላለየ ኣሽማት እናጠመቐ ብለይቲ ብምጭዋይን ክሳብ ሕጂ መውደቒኦም ዘይተፈለጡ ሓቒቕም ዝተረፉ ወገናት ሓደ ኮይኑ ብኻልእ መንገዲ ድማ ህዝቢ ምእንታን ኣንፃር ስርዓት ደርግ ክልዓል ዝተፈላለየ ኣጋጣሚታት እናተጠመቐ ከርክበሎም ዘይኽኣለ ወገናት ኣብ ውሽጢ ፀላኢ ዝነበሩ ድማ ክሳብ ናሃቱ ኣባላት ከምዝኾኑ ኣምሲሉ ኣስማቶም ፅሒፉ ኣብ ውሽጢ ፀላኢ ክብተን ብምግባር ብርክት ዝበሉ ዜጋታት ክጠፍኡ ገይሩ እዩ።

ብተወሳኺ ህወሓት ኣብያተ እምነታት፣ቅርስታትን ነዋየ-ቅዱሳንን ብምቅፃል ብምርኻስን ብተዘዋዋሪ መንገዲ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ግፍዒ ክፍፅም ብምግባርን ኣብ ልዕሌኻን ኣብ ልዕሊ እምነትካን ብስርዓት ደርግ ግፍዕን በደልን ይበፅሐካ ኣሎ: ብዝብል ምኽንያት ንመለዓዓሊ ይጥቀመሉ ነይሩ።

ስርዓት ወያነ ከምቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ስልጣን ካብ ዝሓዘሉ እዋን ጀሚሩ ነቲ ካብ በረኻ ኣትሒዙ እናሰርሐሉ ዝመፀ ተንኮል ብምቕፃል ኣብ ክንዲ ብቕንዕና ኩሉ ዜጋ ተሓባቢሩን  ተኸባቢሩን ክኸይድ ምግባር ብኣንፃሩ ኣብ ሕድሕድ ስድራ ከይተረፈ ምትእምማን ጠፊኡ ምጥርጣር ክነግስን ቀፃሊ ኣብ መንነ ሃይማኖታትን ብሄራትን ዘይተደለየ ግጭትን ምጥምማትን ክህሉ ብሰፊሑ ክሰርሐሉ ፀንሑን ኣሎን።  ስለዝኾነ ድማ ብሰንኪ ስርዓተ ወያነ-ኢህወዴግ ዘሳውሮ ዘሎ

ናይ ፅልኢ ፖለቲካ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብዝተፈላለዩ ግጭታት ክሕመስን በዚ ኣቢሉ ድማ ዕድመ ስልጣኑ ከናውሕ ኩሉ ዝካኣሎ እከይ ተግባራት ይፍፀም ኣሎ፣ ምኽንያት እቲ ስርዓት በዘይካ እዚ ተንኮል ክነብር ስለዘይኽእል እዩ።

ኣብ ሃገርና ኣብ ልዕሊ ተኸተልቲ እምነት እስልምና ዝካየድ ዘሎ ኣርሜናዊ ተግባር መቀፀልታ ካብ 1987 ኣትሒዙ ክሰርሐሉ ዝፀነሐ ተግባር ሎሚ ኣብ ልዕሊ ተኸታሊ እምነት ዝኾነ ህዝብና ይፍፅሞ ኣሎ፣ እዚ ተንኮል እዚ ነቲ ኣብቲ ናይ ይምሰል ኣብ ሕጊ መንግስቱ ዘቐመጦ ኣብ ሃይማኖት ኢድ ዘይምእታው ዝብል መሽቀጢ እናተጠቀመ ብውሽጢ ውሽጢ ግን ኣብ መንጎ ሃይማኖታት ኢዱ ብምእታው ኣብ ውሽጢ እቶም ሃይማኖታት ሰላምን ርግኣትን ከይሰፍን ዜጋታት ተሰማሚዖም ከይነብሩ ምእንታን እናሰረሐሉ ፀኒሑን ኣሎን።

ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ነቲ ብናይ ዜጋታት ሰላም ዘይምርካብ ቀፃሊ ኣብ ግጭታት ንምፅማድ ብዘውፅኦ ውጥን መሰረት ካብ ባዕዲ ሃገራት ብዝምፅኦ ሃይማኖት ብዘይ ዴሌት ህዝቢ ብሓይሊ ነዚ ኣነ ዛምፅእኹልካ እምነት ክትክተል ኣለካ ብዝብል ዘይሓላፍነታዊ ተግባር ህዝቢ ናይ ባዕልና ካብ ቅድም ኣትሒዙ ምሳይ ዝፀነሐ እምነት ሃይማኖት ኣለኒ ኣይንቕበልን ሰለ ዝበለ ንዕዑ ስዒቡ ዝመፀ ሕቶኡ ንዘይምምላስ ክብል ህዝቢ ከም ህዝቢ ኣሸባሪ ኣኽራሪ ካልኦት ዝተፈላለዩ ኣሽማት ብምጥማቕ ንህዝቢ ብጠቕነ እናወንጀለ ይኣስርን ይቐትልን ኣሎ።

ብተግባራት እቲ ስርዓት ዝተቐጠዐን ዝሓረነን ህዝቢ ድማ ኣብ ልዕሊኡ ዝበፅሖ ዘሎ ኣደራዕ ክሳብ ናይ ሂወት መስዋእቲ እናኸፈለ

**ንኣስታት 2ተ ዓመት ዝቐፀለ ህዝባዊ ሕቶ ካብ እዋን ናብ እዋን ብዝሓየለ መንገዲ ዝቅፅለሉ ዘሎ።**



ናይ ኢትዮጵያ ሙስሊም ማሕበረሰብ ናይ ተቓውሞ ሰልፊ

እዚ ህዝባዊ ሕቶ ንፁርን ዘየሻምን እኳ እንተኾነ እቲ ስርዓት ግን ካብቲ ኩነታት ተረባሒ ስለ ዝኾነ ዘይንሱ ንምትሓዝ ዝተፈላለዩ ኣሸማት እናደረሰን መእመኒ ክመስል ዘይክእል ፍሹል ድራማታት ሰሪሑ ብምቕራብ ናይ ማሕበረሰብ ዓለም ቀልቢ ስሒቡ ሓቅኻ ዝብል ግብረ መልሲ ክረክብ ምእንታን ምስ ካልኦት ሃገራት ናይ ኣኽረርቲ ምንቅስቓስ ዝራኣየለን ብምትሕሓዝ ዘይተኣደነ ሖሶታት ብምድርዳር ቀጥቂጡ ዘይዋዓልሉ ተግባር ክዛረቡ ብምግባር ዘይፈተኖ ነገር የለን። እንተኾነ ግን ክንዲ ዝደረሰ እንተደረሰ ህዝቢ ነቲ ዘልዓሎ ህዝባዊ ሕትኡ ነቲ ኩሉ በቲ ስርዓት ዝበፅሖ ዘሎ ፋሽሽታዊ ተግባር ከይተንበርከኸ እኳ ዳኣስ ብምሕራን ተቓውምኡ ከሕይል እንምበር ክንብርከኽ ኣይካኣለን።

ማሕበረ-ሰብ ሙስሊም ኢትዮጵያ ኣብዚ እንሳናበቶ ዘለና ዓመት 2005 ዓ/ም ብዘይምቁራፅ ሰለማዊ ብዝኾነ መንገዲ ድምፅና ይሰማዕ ብዝብል መርሕ ጭርሖ ሕተኡ ንኽምለስ ተቓውሞኡ ከስምዕ ዝፀነሐ እንትኸውን ኣብ ወርሒ ፆመ ረሞዳን ከይተረፈ ንኹሉ ተፃዊሩ ዝተኣሰሩ መራሕተይ ይፈተሑ? ናይ እምነት ናፅነተይ ይከበር! ኣብ ስልጣን ዘለው መጂሊስ ኣይውክለንን! ዘይናተይ ሃይማኖት ኣይንቐበልን!... ወዘተ ዝኣምሰሉ ሕቶታት ብምልዓል መንግስቲ ክምልሰሉ እናሓተተ ዝመፀ እንትኸውን። እቲ ስርዓት ግን ነቲ ፀረ ህዝቢ ተግባራቱ ብምቕፃል ኣብ ኣጋ መዛዘሚ ፆመ ረሞዳን ማሕበረሰብ ሙስሊም ነቲ ብሰለማዊ መንገዲ ዘካይዶ ዝነበረ ተቓውሞ መንግስቲ በቲ ቀፃሊ ዝፍፅሞ ሰለማዊ ህዝቢ ናይ ምጭፍጫፍ መስርሕ በቲ ህዝባዊ ሓላፍነት ዘይስመዖ ናይ ፀጥታ ሓይሉ ኣቢሉ ኣብ ልዕሊ ዋላ ሓንቲ ገበን ዘይብሎም ንፁሃት ወገናት ብኣድረጋ ጥይት ግዳይ ሞትን መቑሰልትን ገርዎም'ዩ።

እዚ ፍፃመ እዚ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ዝተወሰደ ስጉምቲ ብጣዕሚ ዘሕዝንን ካብ ሓደ ሃገር ይመርሕ ኣለኹ ዝብል ስርዓት ዘይትፅበዮ ፍፃመ እዩ፡ እዚ ዘስካሕኽሕ ተግባር ኣብ ዕለት ዒድ ብ2 ነሓሰ/2005 ዓ/ም ኩሉ ኣማኒ ንፈጣሪኡ ንምምስጋን ኣብ ዝወፀሉ እዋን ኮነ ኢሉ ምድላው ገይሩ ብዝፀነሐ ሓይሊ ኣብ ዒድ ማዓልቲ ህዝቢ ኣብ ክንዲ ብታሕጓስ ዝውዕል ናይ ሓዘን ማዓልቲ ክኸውን ገይርዎ'ዩ።

ነዚ ዝነበረ ኩነታት ኣመልኪቶም እቶም ግዳያት ዝኾኑ ወገናት ከም ዝስዕብ ይገልፅዎ።

"ንሕና ንዒድ ደቅና ሕዝና ወፅእና መንግስቲ ግን ንባዓልና ብረት ተዓጢቁ ወፅኡ። ቅድሚ ፆመ ረሞዳን ምውዳኡ ኣብ ክልል ኦሮሚያ

መሰልና ይከበር ድምፅና ይሰማዕ ስለ ዝበሉ ጥራሕ ወዲ 14 ህፃን ዝርከቦም ልዕሊ 25 ዜጋታት ተጨፍጪፎም ብ ኣማኢት ዝቁፀሩ ድማ ተኣሲሮም። እዚ ድማ ናይቲ ኣብ ደሴ፣ገረባ፣ኣርሲ ዘካየዶ መቐፀልታ ኮይኑ ኣብ ዕለት ዒድ ኣልፈጥር ድማ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሃገርና ብርክት ዝበሉ ሂወት ዜጋታትና ጠፊኡ እዩ። ካብዚ ሓደ ኣብ ርእሰ ከተማ ሃገርና ዝኾነት ኣዲስ ኣበባ ዝነበረ ኩነታት በቲ ኣብ ላዕሊ ዝተጠቐሰ ኣርእስቲ ማለት ንሕና ፈጣሪና ንምምስጋን ደቅና ሒዝና ወፅእና መንግስቲ ድማ ብረት ዓጢቑ መፅኢና ብምባል ነቲ ዝነበረ ኩነታት ህዝቢ ነቲ ዝነበረ ኩነታት ዝገልፅዎ።

ዕለተ ሓሙስ 2 ነሓሰ /2005 ዓ/ም ብዓብይ ድምቀት ካብ ዝኽበረ በዓላት ሓደ ዝኾነ በዓል ተኸተልቲ እምነት እስልምና ክቡር ባዓል ዒድ ኣልፈጥር ኣኽቢሩ ፀሎቱ ኣብፅሑ ኣብ ዝምለሰሉ ዝነበረ እዋን ዘይሓሰቦን ዘይተፀበዩን ሓደጋ በፂሕዎ እዚ ሓደጋ ድማ ብመንግስቲ ዓብይ ምድላው ዝተገበረሉ በዚ ሓደጋ እዚ ካብ ዝቐለለ መቑሰልቲ ክሳብ ሂወት ቀዚፉ።

ኣብ ልዕሊ ሰለማዊ ዝኾነ መከላኸሊ ዘይሓዘ ተኸታሊ እምነት እስልምና ህዝብና ኣብዚ ህሞት በዚ ሓደጋ ዝያዳ ተጠቃዕቲ ዝኾኑ ድማ ህፃውንት፣ኣዴታትን ሽማግለታትን እዮም።

መንግስቲ ንከምስል ቅድሚ እቲ በዓል ንብዓት ሓርገፅ እናነበዐ ደላይ ሰላም ማሕበረሰብ ሙስሊም ብዝብል መደናገሪ ሓሶት በተን ባዕሉ ዝባሓተን ንብረት ህዝቢ ዝኾና ሚድያታት ኣቢሉ ሓላይ መሲሉ ንህዝቢ ኢትዮጵያን ማሕበረሰብ ዓለምን ንምድንጋር ነቲ ኣብቲ ቅንያት ክፍፀም ዝፀነሓን ዝቐነየን ብፁእ ንኽመስል ቅድሚ እቲ ዒድ ኣብ ዝነበሩ ማዓልትታት ኣብ ኣንዋር መስጊድን ናይ መካ ተራዊህ ዝካየድ ዝነበረ ፀሎት ብቐጥታ ብቴሌቪዥን ክመሓላለፍ ብምግባር

ናይ ህዝቢ ተቆርቋሪ መሲሉ ኣብ ልቢ ሙስሊም ሕብረተሰብ ክኣቱ ፈቲኑ እዩ። ካብኡ ሓሊፉ ድማ ቅድሚ ሕጅ ተራእዩን ገይርዎን ዘይፈልጥ ፌዴራል ፖሊስ እንኳዕ ንዒድ ኣልፈጥር ኣብፀሒኩም ዝብል መልእኽቲ ኣማሓላሊፉ እዚ ኩሉ ክገብሮ ዝፀነሐ ተንኮል ምኺኑ ንኽቃላዕ ማዓልትታት ኣይወሰደሉን።

ምኽንያቱ ብሚድያ ከምዚ ዓይነት ሰባኺ ቃል እናማሓላለፈ ብኣንፃሩ ድማ እቲ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ሙስሊም መጥቃዕቲ ዝፍፅመሉ ስልቲ ኣብ ምድላው እዩ ነይሩ። ነዚ ንምፍፃም ላዕለዎት ሓለፍቲ እቲ ስርዓትን ድህንነትን ብምኺን ናይ ኣዲስ ኣበባ ስታድዮምን ከባቢኡን ብወተሃደራዊ ቀጠና ብምክፍፋል ኣብ ልዕሊ ሙስሊም ሕብረተሰብ መጥቓዕቲ ንምፍፃም ዘኽእሎ ስልቲ ኣብ ምሕንፃፅ ተፀሚዱ ነይሩ።

ካብ ስታድዮም ክሳብ 7 ኪሎ ሜትር ክቢ ርሕቐት ዝርከቡ ከባቢ ናይ ውሽጢ መንገድታት ናይ'ዚ መጥቓዕቲ ብዝጥዕም መንገዲ ብምድላው ኣብቲ ናይ ዒድ ኣልፈጥር ማዓልቲ ኣብ ልዕሊ ንፁህ ህዝቢ ኣረሜናዊ ተግባራቱ ንምፍፃም እንትዳሎ ብሚድያ ድማ ደላይ ሰላም ማሕበረሰብ ሙስሊም እናበለ ይቕልድ ነይሩ።

እዚ ሓሊፉ ንፅባሕቱ ዒድ ማዓልቲ ፀሎት ተወዲኡ ከምቲ ልሙድ ተቓውሞኦም ወዲኦም ነናብ ገዛውቶም ምምላስ ምስ ጀመሩ ኣብቲ ንመጥቓዕቲ ዝተዳለወ ቦታ ምስ በፀሑ ነዚ ኣርሜናዊ ተግባር ዝተዳለው ወተሃደራት ከቢድ ግፍዒ ኣብ ልዕሊ እቲ ሰለማዊ ህዝቢ ከካይዱ ጀሚሮም። ኣብዚ ዝተኻየደ ዓይኒ ዕሙተይ ስጉምቲ ድማ ብጣዕሚ ዘሕዝን ግፍዓዊ ተግባር ኣብ ልዕሊ ህፃውንቲ፣ ኣዴታትን ሽማግለታትን ብዘይፈሊ ብጅምላ ዝተወሰደ ፋሽሽታዊ ተግባር ምኻኑ

ኣብቲ ሽዑ እዋን ብዝተፈላለየ ማዕኸናት ዜና ዝተመሓላለፈን ዝተበተነ ስእልታትን ዘረጋግፁልና ሓቂ እዩ።



**ድሕሪ ፀሎት ዒድ ኣልፈጥር ብፌደራል ፖሊስ ዝተቐትለት ዜጋ**

በዚ መጥቃዕቲ ብርክት ዝበላ ነብሰ ፁራት ኣዴታት፣ ዝተሓዘሉ ህፃውንትን ዓበይት ሽማግለታትን ብዘይፈሊ ዝትወሰደ ግፍዓዊ ተግባር እዩ ነይሩ። እዚ ኣብ ስልጣን ዘሎ ውልቀ መላኺ ስርዓት ክንደየናይ ፋሽሽታውን ኣብ ህዝቢ ዘለዎ ኣረኣእያ ቁልጭ ኣቢሉ ዘርኢየና እዩ፡ እዚ ዘሕፍር ተግባር እዚ ስርዓት ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘለዎ ንዕቐትን ዕንደራን ዘረጋግፀልና ሓቂ እዩ፡ ምኽንያቱ ብኣፍ ጨለ ኣብ ተግባር ዘየለ ከምዝባሃል ህዝቢ ንምትላል ብሚድያ ካልእ ብተግባር ድማ ንጥፍኣት ህዝቢ ዝሰርሕ ስርዓት እዩ፡ ኣብ መላእ ዓለም ዝርከብ ማሕበረሰብ ሙስሊም ኣብ ሓጎስ እንትውዕል ማሕበረሰብ መስሊም ሃገርና ድማ ዒድ ኣልፈጥር ኣብ ክንዲ ሓጎስ ብግልባጡ ናብ ሓዘን ተቐይሩን ንዘለኣለም ድማ ዘይርሳዕ ፀሊም ነጥቢ ኣንቢሩ ሓሊፉ እዩ።

ካብ'ቲ ሽዑ ማዓልትን ቅድሚኡን ጀሚሩ ድማ ብኣማኢት ዝቑፀሩ ወገናት ስብኣውነት ብዘይብሉ እናተቐጥቐጡ ኣብ ኣብያተ ማእሰርቲ ዳጉኑ እናሳቐዮም ይርከብ፡ ነዚ ኣብ ልዕሊ ኢትዮጵያውያን ማሕበረሰብ ሙስሊም ብስርዓት ወያነ ዝካየድ ዘሎ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር ኣምንስቲ ኢንተርነሽናል ዝተባሃለ ተጣባቒ ስብኣዊ መሰል ነቲ ብስርዓት ወያነ ዝተፈፀመ ኢ-ሰብኣዊ ተግባር ብዝምልከት ነዚ ዝስዕብ መግለፂ ኣውፂኡ'ዩ።

AMNESTY INTERNATIONAL

"መንግስቲ ኣብ ልዕሊ ተኸትልቲ እምነት እስልምና ዝወስዶ ዘሎ ካብ ልክዕ ዝሓለፈ ስጉምቲ እቲ ትካል ከምዘተሓሳሰቦ ብምግላፅ፣ እዚ ንልዕሊ 18 ኣዋርሕ ዝቐፀለን መንግስቲ ኣብ ሃይማኖት ኢዱ ምእታው ጠጠው ክብልን ኣብ ሕገ-መንግስቱ ዘቐመጦ ከኽብሮ ሕቶ ዘቕረበ ሕብረተሰብ ሙስሊም ኢትዮጵያዊ ህዝቢ ብሰለማዊ መንገዲ ሕቶኡ እናቐረበ ዝመፀ እንትኸውን መንግስቲ ግን ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ዘይተመጣጠነ ስጉምቲ ክወስድ ከምዝፀንሐን ብዝናኣሰ 4 ግዜ ኣብ ዝተፈላለዩ ከባቢታት ሓይሊ ከምዝተጠቐመን በዚ ድማ ብርክት ዝበሉ ሰባት ተቐቲሎም። ብርክት ዝበሉ ድማ ቆሲሎምን ብዙሓት ከምዝተኣኣሰሩን ይዝከር።

ኣብ ዝሓለፈ ሰሙን እውን ኣብ ዞባ ኣርሲ ኮፈሌ ናይ መንግስቲ ዕጡቓት ኣብ ልዕሊ ሰለማውያን ዝኾኑ ዕጥቂ ዘይብሎ ተቓውሞኡ ዝገልፅ ዝነበረ ህዝቢ ዝኸፍአ ስጉምቲ ከምዝኾነን በዚ ድማ ዝኾነ ዕጥቂ ዘየነብርዎም ሰለማውያን ወገናት መንግስቲ ብዘዋፈሮም ፌደራል

ፖሊስ ከምዝተቐተሉን መንግስቲ ካብዚ ብተወሳኺ ኣብ ኦሮሚያ ኣዲስ-ኣበባን ካልኦት ቦታትን ተኸተልቲ እቲ እምነት ዝኾኑ ዜጋታት እናገፈፈ ክኣስር ከም ዝፀንሐን ደርማሰርን ኻለድ መሓመድን ዝተብሃሉ ጋዜጠኛታት ሓውሲካ ብርክት ዝበለ ህዝቢ ከምዝተኣሰረን ምኽንያት ማእሰርቲ ድማ እቲ ን18 ኣዋርሕ ዝቐፀለ ኢትዮጵያውን ሙስሊም ሰለማዊ ተቓውሞ መቐፀልታ ከም ዝኾነን ዝገልፅ እቲ መግለፂ መንግስቲ ብሰለማዊ መንገዲ ክቐፅል ዝፀንሐ ተቓውሞ ሙስሊም ሕብረተሰብ መንግስቲ ዘይሸሙ ብምሃብ ዓመፀኛን ናይ ኣሸበርትን ምንቅስቓስ ከምዝኾነን ብዝተፈላለየ ድራማታትን መምሰልቲ መንገዲታት ንኽምስሎ ብዙሕ ክፅዕር ከምዝፀንሐ መንግስቲ ኣብ ቅንያት ዒድ ኣልፈጥር ብሚድያታት መፈራረሒ መግለፂታት ኣውፂኡ እዩ።

ምስዚ ብተወሳኺ ናይ ኣምንስቲ ኢንተርነሽናል ናይ ኢትዮጵያ ጉዳይ ተመራማሪ ዝኾኑ ሚስተር ክሊር ቤስቶን ብዛዕባ እዚ እንትገልፁ እዚ ናይ መንግስቲ ዝወፅእ ዘሎ ንሙስሊም ሕብረተሰብ ዘፈራርሕ መግለፂ ዜጋታት ሰለማዊ ሰልፊ ናይ ምግባር መሰል ዝሃቦም ሕጊ መንግስቲ ተጠቒሞም ምክያዶም መሰሎም ከምዝኾነ ብምግላፅ መንግስቲ ናይ ማሕበረሰብ መስሊም ሕቶ ብሓይሊ ንምልማስ ዝገብሮ ዘሎ ፈተናታት ብምቕፃል ናይቲ ምንቅስቓስ መራሕቲ ብምእሳርን ንኣሸባርነት ዝለዓለ ትርጉም ብምሃብ ናይቲ ሃገር ፀረ ኣሸባርነት ብምኽሳስ ቀፀሊሉ ኣሎ ይብሉ።



ኣመንቲ ሃይምኖት እስልምናን ብፌደራል ፖሊስ እንትፍተሹ

ንሶም ኣስዕቦም መግስቲ ምጥሓስ ሰብኣዊ መሰል ይቕፅለሉ ብምህላው ብጣዕሚ ከምዘተሓሳሰቦም ብምግላፅ ዜጋታት ሕገ-መንግስታዊ መሰሎም ተጠቒሞም መሰሎም ስለዝሓተቱ ጥራሕ ከምዚ ዓይነት ግፍዒ ክበፅሖም ካብ ምኽኣሉ ንላዕሊ ናብ ዝለዓለ ናይ ደም ምፍሳስ ከምርሕ ከምዝኽእል የጠንቐቑ፡

እቲ ትካል ኣብ መወዳእታ ናይ ዜጋታት ሰብኣዊ መሰል ከኽብርን እቶም ኣብ ልዕሊ ሰለማዊ ሰልፊ ዘካይዱ ዘለው ዝወሰደሎም ዘሎ ስጉምቲ ጠጠው ከብልን እቶም ሕገ-መንግስታዊ መሰሎም ተጠቒሞም ተቓውሞ ብምክያዶም ተኣሲሮም ዝርከቡ ድማ ክፍትሑ ፀዊዖም።

ንምጥቅላል እዚ ኣብ ልዕሊ ማሕበረሰብ ሙስሊም ብስርዓት ወያኑ-ኢህወዴግ ዝበፅሕ ዘሎ ኣርሜናዊ ተግባር ካብ ሓደ ካብ ኣብራ'ኽ ህዝቢ ዝወፃእ'ኹ እየ ዝብል ስርዓት ዘይትፅበዮ እኳ እንተ'ኾነ እዚ ኣብ

ስልጣን ዘሎ ስርዓት ግን ካብ መበቆሉ ኣትሒዙ ህወት ኣሻሓት እናበለዐ ዝመፀ ስርዓት እዩ።

ናይዚ ምኽንያት ድማ ኣብ ክንዲ ምስ ህዝቢ ተኣማሚኑን ተቃራሪቡን ኣብ ቅንዕና ዝተመስረተ ርክብ መስሪቱ ህዝቢ ይምልከተኒ እዩ ኢሉ ኣብ ክንዲ ዝንቃሳቐስ ብግልባጡ በቲ ንሱ ዝደልዮ ዝኾነ ይኹን ሕቶ ከይልዓለ ከፊኡንን ፀጊሙንን ኢሉ ዝኾነ ይኹን ተቃውሞ ከይስመዐ ርእሱ ኣድኒኑ ክኸይድ ኣለዎ ዝብል ፈሊጥ ሒዙ እዩ ዝጓዓዝ ዘሎ።

በዚ መሰረት ድማ እዩ በቲ ንሱ ዝብሎ መንገዲ ዘይጓዓዝ ህዝቢ ይኹን ዜጋ ከም ሓደ ገበነኛን መንገዲ ኣምላኽ ዝሳሓተን ተቆፂሩ ኣብ ልዕሊኡ ዝተፈላለዩ ግፍዕን በደልን ካብ ምብፃሕ ሓሊፉ ክሳብ ሂወቱ ዝስእን ዘሎ።

ናይዚ ምኽንያት ድማ እቲ ስርዓት ብህዝቢ ተቐባልነት ዘይብሉን ዝተተፈኣን ምኺኑ ኣንዳዕዲዑ ስለ ዝፈልጥ ህላውንኡ ክቕፅል እንተዳ ኾይኑ ብቐጥታ ይኹን ብተዘዋወሪ ኣብ መንጎ ህዝብታት ሰላምን ቅሳነትን ከይነግስ ምግባር እዩ።

በዚ ምኽንያት ኣብ መንጎ ሃይማኖታት፣ብሄራት፣ዓሌታት ወዘተ ብምግርጫው ባዕሉ ንባዕሉ ብዓይኒ ፅልእን ጥርጣረን ክጠማመት ብምግባር ዕድመ ስልጣንካ ምንዋሕ ዝብል መርሕ ጭርሖ ሒዙ እዩ ዝጓዓዝ ። ካብዚ ሓሊፉ ዝለዓለ ተቓውሞ እንተሃልዩ ድማ ዝተፈላለዩ ፖለቲካዊ ኣሽማት እናጠመቐ ነቲ ሕጋዊ ሕቶ ህዝብታት ኣንፈቱ ብምቕያር ዘይሽሙን ዘይትርጉሙን ብምሃብ ብሓይሊ ክጭፍለቕ ምግባር እዩ።

**ስለ ዝኾነ እዚ ኣብ ሃገርና ዝካየድ ዘሎ ተቓውሞ ማሕበረሰብ ሙስሊም ይኹን መላእ ህዝብታት ኢትዮጵያ እቲ ስርዓት ኣብ ክንዲ ኣወንታዊ መልሲ ምሃብ ኣብ ልዕሊ ህዝቢ ጨፍጫፍ ዘካይድ ዘሎ እዚ ተግባር ወያነ ኣብ ስልጣን ክሳብ ዘሎ ተጋዲዱ ክቕፅል እዩ፡ ምኽንያቱ እቲ መፍትሒ ኣብ ኢድ መላእ ህዝቢ ኢትዮጵያ እዩ ዘሎ ኣብ ውሽጢ እዞም 22 ዓመታት ዕድመ ስልጣን ስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ግፍዕን በደልን ዘይበፀሖ ሕብረተሰብ ኢትዮጵያዊ ደርጋ የለን ክባሃል ይካኣል፡ ዘይበፀሖ እንተሎ ድማ ፅባሕ ንጎሆ ክበፅሖ እዩ።**

**ስለዚ ነዚ ዓፋንን ጨቛንን ስርዓት ብዘይ ናይ ብሄርን ሃይማኖትን ኣፈላላይ ቃልሱ ኣሓይሉ ካብ ስልጣኑ ምእላይ ጥራይ እዩ።**

## ዋግዋን

*ኪዳን ጥምረት- ቅኒት ስሙር ህርመት*

*ኣብቲ ከውታ ዓይኒ ኮይኑ ቋሕታ*

*ንግዝፊ መጠን ኣካል ፈሊምዎ ብባእታ*

*ራኢ ና ንቕብፀት መሊኹ- ኣብ ከውታ ዓኹኹ*

*ጥሒሱ ጣሓሒሱ ጋሊሁ ገላሊሁ*

*ምፅኣት ብርሃን ዋግዋን ኣተምቢሁ፣*

***<u>ዋግዋን</u>***

*ፍረ ስሙር ባህጊ*

*የዒንቲ መፃኢ ኣብ ድምቀት ዝሓጊ*

*ድቂ ምልኣት ዝሀረፍ ቡቕሊ*

*ተስፋ ዝጨረሩ ተጠማቲ ሕብሪ*

*ደበስ ደረት ኣልቦ ፃዕሪ*

*መንገዱ ርትዒ ምልኣቱ ቀትሪ*

*ዝረአ ራኢ ዝሸወተ ዘርኢ*

*ሓባሪ ኣንፈት መሪሕ'ቲ ድምቀት*

*መትኒ ሀያውነት ርሕው በሪ ዘላኣለማውነት*

*ጭላፍ ምስጢር ብርሃን*

*ዋህዮ እቲ ዓብዩ ኣካል*

*ሽያኽ ብርሃን ካብቲ ፀላም*

*መነፅር ዓይኒ ርእየት ሰላም፣*

***<u>ዋግዋን</u>***

*ከውታ ተነዲሉ ብሓይሊ ምስ ራደየ*

*መልሓስ ዋሕዚ ብርሃን ኣርእዩ ከይደንጎየ*

*ሕብሪ ፀዳል ወርዊሩ ፀርጊ*

*ዋግዋን ኮይኑ ተምሳል ከብዲ ኣድጊ*

*ማዓስ እሞ ይዓርብ ይበርቕ*

*ከም ብርሃን ተፈጥሮ ይሃስስ ይደምቕ*

*ኣብ ድምቀት ሓዲሩ ኣብ ድምቀት'ዩ ምውዓሉ*
*ኣብ ምልኣት እንተበፂሑ ምልኣት'ዩ መዋእሉ።*
*ዓኾኺይ ዋግዋኅ ዓኾኺይ ዓኾኺይ*
*ሰማይና ኣዝመራ መረባና ሸሻይ*
*ዓኾኺይ ፀላም ይልገስ ብርሃን ይእቶ*
*የሳፉሓሉ ንሓዋሩ ይስፈሮ'ዚ ባይቶ፥*

***<u>ዋግዋኅ</u>***

*ብዕድል ግን ኣይመፀን ብትፅቢት ብስቕታ*
*ረፅሚ'ዩ ፈጢርዎ ሓይሊ እምቢታ*
*መስፈሪ ኣልቦ ዋጋ'ዩ ሓቲቱ*
*ረዚን ዕዳ ንስለ ድምቀቱ።*
*ዋጋ ዝወሰደ ዋጋና'ዩ እዚ ዋግዋኅ*
*ፃማ'ዩ ውፅኢት ማንም ዘይብሕጉኅ*
*ኣብ ህላወ ሰሪሩ ንህላወ'ዩ ምንባሩ፥*
*እንተ እቲ ነድሊ ከውታ ምስ ኣብነነ*
*ሸዑ ንሸዑ ግርማ'ዩ ዝተኸድነ*
*ኣብቲ ዋግዋኅ ደሚቑ ዓፀፉ*
*ንባህጊ ኣቕሪቡ ኣብሪቕዎ ተስፉ፥*

*ግን ድማ ኣየዕረፈን ብርኩ እኳ ኣይዓፀፈን*

*ዋግዋን መንገዱ ዳኣ እምበር ምዕራፉስ ኣይኮነን*

*ምዕራፉ ግን ኣብቲ ጥርዚ'ዩ ኣብቲ ምልኣት*

*ድሕሪ'ቲ ዋግዋን ኣብ ዘሎ ቅርዓት።*

*ንገስጋሲ ካኣ ናብቲ ምልኣት*

*እንታይ ተሪፍዎ ኣሰኒ'ኻ ፅንዓት፣*

***ብተጋዳላይ ኤፍሬም ሕሉፍ***

## ዜና

**ንስርዓት ወያነ-ኢህወዴግ ብምቅዋም** 22 **ወተሃደራት ብ**25 **ሚያዚያ** 2005 **ዓ/ም ናብ ዴሞክራስያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ** (**ዴምሀት**) **ተፀምቢሮም፣**



1. ሓለቓ ዓሰርተ ሽታየ ኩንደራ ምስክር ካብ ብሄረ ኣማሓራ ምዕራብ ጎጃም ወረዳ ቡሬ ቀበሌ ፎነት ሰላም፥

2. ሓለቓ ዓሰርተ ያለውለት ተወልደብርሃን ካብ ብሄረ ኣማሓራ ዞባ ባህርዳር፣ ወረዳ ስምንት፣ ቀበሌ 17፥

3. መሓመድ ዳውድ ኢብራሂም ካብ ብሄረ ዓፋር ወረዳ በራሕለ ቀበሌ ዒላዓት፥

4. ምኽትል ሓለቓ ዓሰርተ እንግዳ ኣኮ ምሻለ ካብ ብሄረ ቤንሻንጉል ዞባ መትከል፣ ወረዳ ደባጤ፣ ቀበሌ ፓርዛይት፥



5. ኣማኑኤል ካሕሳይ ክፍለ ካብ ብሄረ ትግራይ ዞባ ሴ/ምዕራብ ወረዳ መደባይ ዛና ከተማ ሰለኽለኻ ቀበሌ ፍረ-ሰላም፥

6. ሓለቓ ዓሰርተ ካልኣዩ ኣሰፋ ገሰሰ ካብ ብሄረ ትግራይ ዞባ ደቡባዊ ምብራቅ ወረዳ ሳምረ ጣብያ ህንፃ፥

7. ምኽትል ሓለቓ ዓሰርተ ኣዲሱ እንድርያስ ገልገለው ካብ ብሄረ ኦሮሞ ዞባ ነገሌ ቦሮና ወረዳ ሊበን፣ ቀበሌ 02፥

8. ሓለቓ ዓሰርተ ደረጀ ወርቁ ጌትነት ካብ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ዞባ ወላይታ ሰዶ፣ ወረዳ ዳሞት ጋሊ፣ ቀበሌ ቆቴ ወገራ፥

9. ኑሩልኝ መላኩ ገብሬ ካብ ህዝብታት ደቡብ ኢትዮጵያ፣ ወረዳ ዲላ፣ ቀበሌ ኣማሮ፥

10. ታጠቅ ታሪኩ ኣስጨናቂ ካብ ብሄረ ኣሮሞ ስሜን ሸዋ፣ ወረዳ መሃል ሜዳ፡ ቀበሌ ገይጣልት፥

11. ም'ክትል ሓለቓ ዓሰርተ ሻምበል ስይፈ በቀለ ካብ ብሄረ ኦሮሞ ምዕራብ ሸዋ ወረዳ ሎሜ፣ ቀበሌ ጠዴ፥

12. ምትኩ ኣሰፋ ኣበባው ካብ ብሄረ ኦሮሞ ዞባ ቀለም ወለጋ ወረዳ ተጆ፣ ቀበሌ ተጆ፥

13. ሓለቓ ዓሰርተ ከበበው ንጉሴ ወልዴ ካብ ብሄረ ኣሮሞ ዞባ ምብራቅ ሃረርጌ፣ ወረዳ ገመችስ፣ ቀበሌ ሰገርያ፥

14. ኣደም እድሪስ መሓመድ ካብ  ብሄረ ኦሮሞ ከምሴ፣ ወረዳ ባቲ፣ ቀበሌ 03፥

15. ብርሃነ ደረጀ ጋሻው ካብ ብሄረ ኦሮሞ ዞባ ለቀምት፣ ወረዳ ለቀምቲ፣ ቀበሌ 03፥

16. ሓለቓ ዓሰርተ ኢብራሂም መሓመድ ኣልየ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፣ ዞባ ምብራቕ ሃረርጌ፣ ወረዳ ጡሎ፣ ቀበሌ ገንዳ-ኣመድ ኣህመድ፥

17. ኢብራሂም ኣህመድ መሓመድ፣ ኦሮሞ ዞባ ምብራቕ ሃረርጌ፣ ወረዳ ጨለቆ፣ ቀበሌ ቁልቢ፥

18. ምኽልትል ሓለቓ ዓሰርተ መሓመድ ዓብዱራሕማን መሓመድ ካብ ኦሮሞ ዞባ ምዕራብ ሃረርጌ፣ ወረዳ ማሰላ፣ ቀበሌ ገብስ፥

19. መሓመድ ወርዲ ሻም ካብ ብሄረ ኦሮሞ ዞባ ምብራቕ ሃረርጌ፣ ወረዳ ደደር፣ ቀበሌ ጨካ ኣውበሬ፥

20. ደበላ ኣጋ ኣዱላ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፣ ዞባ ምብራቕ ወለጋ፣ ወረዳ ሃሮሊሞ፣ ቀበሌ ኦዳጉድና፥

21. ሓለቓ ሓምሳ ሲሳይ ደረሰ ለታ ካብ ብሄረ ኦሮሞ፣ ዞባ ምብራቕ ወለጋ፣ ወረዳ ሁሮ ጉድሩ፣ ቀበሌ ኣቤበቀል፣

22. መሓመድ ዑስማን ካብ ፍሉይ ምምሕዳር ድሬዳዋ፣ ቀበሌ 05፣ ኣባል ናይ ሮምሳ። ኮይኖም ኣብቲ ስርዓት ዘሎ ኣፈላላይን ዘይቅኑዕ ምሕደራን ስርዓት ወያነ ብምቅዋም በብጉጅለ ብምኳን ናብ ዴሞክራሲያዊ ምንቅስቓስ ህዝቢ ትግራይ /ዴምህት/ ተፀምቢሮም

ንሶም ኣስዒቦም ስርዓት ወያነ ስራዊት ምእንታን ከይፈርሶ ብምስጋእ ብዛዕባ ዴ.ም.ህ.ት ዝህቦ ጎስጓስ ኣብ ባይታ ዘየለ ከም ዝኾነ ድሕሪ ምግላፅ፥ ዴምህት ንህዝቢ ዝቃልስ ኣብ ሓደነት ዝኣምን ምኳኑ ብኣካል ከም ዘራጋገፁ ገሊፆም፥